# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.284 | ዓርቢ 28 ሓምለ 2023 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — ሌላ ምስ ቤት-ጽሕፈት ካዳስተርን ዕማማቱን

ገጽ 3 — ካብ ጀዛን ክሳብ ዓረዛን ግዝግዛን



ገጽ 4 — ቃንዛ መትኒ - neuralgia




ገጽ 5 — ብዛዕባ ቀቢላ ዙሉ



ገጽ 7 — ስኒትን ስላምን ሻምፕዮን ኩዕሶ መርበብ ኮይኖን




## ፈደረሽን ሩስያ - 2ይ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩስያን ተኸፊቱ





ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ዝሳተፉ ዘለዉ 2ይ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩስያን፡ "ንሰላም፡ ጸጥታን ልምዓትን" ብዝብል ቴማ ትማሊ ኣብ ሰዓታት ቀትሪ ኣብ ከተማ ሰይንት ፒተርስበርግ - ሩስያ ተኸፊቱ።

ኣብ'ቲ ዋዕላ፡ 17 መራሕቲ ሃገራትን 4 መራሕቲ መንግስታትን ዝርከብዎም ብጠቕላላ ወከልቲ 49 ሃገራት ኣፍሪቃን ቀንዲ ውድባትን ማሕበራትን ይሳተፉ ኣለዉ።

ፕረዚደንት ፈደረሽን ሩስያ ቭላዲሚር ፑቲን ኣብ ዘስመዖ መኽፈቲ ቃል፡ ኣብ ኣገዳሲት ድልዱል ዝምድናን ሽርክነታዊ ምትሕግጋዝን ሩስያን ሃገራት ኣፍሪቃን ኣብ መዳያት ውሕስነት መግቢ፡ ምምዕባል ፊናንሳዊ መዋቕር፡ መስርሕ ንግድን ምድቃቓስ ክፍሊትን ዘተኮረ መደረ ኣስሚዑ።

2ይ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩስያን፡ ሎሚ 28 ሓምለ እውን ክቕጽል እዩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣቐዲሙ - ብ26 ሓምለ ኣብ ሰዓታት ምሸት፡ ምስ ሚኒስተር ኢጊር ለቪቲን - ተሓጋጋዚ ፕረዚደንት ፈደረሽን ሩስያ ቭላዲሚር ፑቲን ተራኺቡ ተዘራሪቡ።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ብዛዕባ ዝምድና ኤርትራን ፈደረሽን ሩስያን ናይ መጻኢ ኣመታቱን፡ ከምኡ'ውን ሩስያ ንሃገራት ኣፍሪቃ ክጠቅም ብዘኽእል ዓይነታት ፍርያት ደኣ - ሃብታም ትኹንምበር፡ ምስ ዘሎ ኩነታት ንሰደድ ንኽበቕዕ ናይ መሳለጥያ ጸገማት ብምህላው፡ ኤርትራ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ክህልዋ ኣብ ዝኽእል ኣበርክቶ ዘትዮም።

ኣብ'ዚ ንምትግባር ዘሎ ተኽእሎታት ንምድህሳስ፡ ብመንገዲ ሚኒስትሪታት ጉዳያት ወጻኢ ቀጻሊ ዝርርብ ክምዝደሊ ድማ ተረዳዲኦም።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ፈደረሽን ሩስያ ኣቶ ጴጥሮስ ጸጋይን ተሳቲፎም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ብዕድመ ፕረዚደንት ቭላዲሚር ፑቲን፡ ኣብ ካልኣይ ዋዕላ መራሕቲ ኣፍሪቃን ሩስያን ንምስታፍ፡ ብ26 ሓምለ እዩ ኣብ ሰዓታት ድሕረቐትሪ ከተማ ሰይንት ፒተርስበርግ ኣትዩ።

## ሰንዓፈ - 135 ዜጋታት መብጣሕቲ ሓበላ ዓይኒ ተገይሩሎም

ኣብ ሆስፒታል ሰንዓፈ፡ ካብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ንዝመጽኡ 135 ዜጋታት - ካብ 13 ክሳብ 21 ሓምለ ዕወት መብጣሕቲ ሓበላ ዓይኒ ተኻይዱ።

ሜዲካል ዳይረክተር ናይ'ቲ ሆስፒታል ዶ/ር ኣታኽልቲ ሓጎስ፡ ካብ ዝሓለፈ ዓመት ጀሚርካ፡ ሞያውያን ሕክምና ዓይኒ ናብ ኩለን ምምሕዳራት ከባቢ እናተንቀሳቐሱ፡ ንልዕሊ 1,500 ናይ ዓይኒ ጸገም ዘለዎም ዜጋታት ብዘበርዎ መርመራታት፡ እቶም 150 ህጹጽ ሕክምናዊ ረድኤት ዘድልዮም ኮይኖም ስለዝተረኽቡ፡ ንሶም 135 መብጣሕቲ ሓበላን ምሕካኽ ዓጽሚ ዓይኒን ከምእተገበረሎም ኣረዲኡ።

ሓበላ ዓይኒ ዝያዳ ብዕድመ ንዝደፍኡ ከም ዘጥቅዕ ብምሕባር ከኣ፡ ዘድሊ ናውትን ዓቕሚ-ሰብን ተዋዲዱ ብምህላው፡ ዜጋታት ብቐልጡፍ ናብ'ቲ ሆስፒታል መጺኦም ረድኤት ክረኽቡ ከምዝኽእሉ ኣገንዚቡ።

ሓላፊ ኣገልግሎት ጥዕና ኣብ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኣቶ ኣሲር ኣልኣዝር እውን፡ ናይ ሓበላ ጸገም ዘጋጠሞም ወገናት - ቅድሚ ሕጂ ናብ ሆስፒታላት ኣስመራን ዓዲቐይሕን ይኸዱ ምንባሮም፡ ሎሚ ዓመት ግን ኣቐዲሞም ናይ ጥዕና ተፍትሽ ብምክያድ፡ ዜጋታት ብቐረባ ዝሕከሙሉ ባይታ ከምእተጣጥሐ ሓቢሩ።

ሓበላ ዓይኒ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ብዝበዝሐ ይርአ ከምዘሎ ዝሓበረ ኣቶ ኣሲር፡ ጠንቁ ንምልላይ ቀጻሊ ዳህሳስን ተፍትሽን ክካየድ ኣዘኻኺሩ።

## ባረንቱ - ንምርምር ኣፋዊ ስነ-ግጥሚ ናራ ዝሕግዝ ዓውደ-ዘተ ተቓኒዑ





ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ፡ ምርምርን ምዕባለን ኣፋዊ ስነ-ግጥሚ ናራ ንምሕጋዝ - ካብ 22 ክሳብ 24 ሓምለ ኣብ ባረንቱ ዓውደ-ዘተ ኣካይዱ።

ኣብ መኽፈቲ ናይ'ቲ ዓውደ-ዘተ፡ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽሉ፡ ብስነ-ጽሑፍን ኣፋዊ ግጥምን ዝሑብኦም ባህሊ መድረኽ ብመድረኽ እናማዕበለ ክኸይድ ውሑስ ባይታ ስለዝህልዎ፡ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ካብ'ዚ ጥሙር ሓሳብ'ዚ ተበጊሱ፡ ኣፋዊ ስነ-ግጥሚ ብሄራትና ንረብሓን ምዕባለን ባህልን ያታን ሕብረተሰብ ንምውዓል፡ ምስ ምምሕዳራት ዞባ ብምትሕብባር ብዕቱብ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ገሊጹ።

ተሳተፍቲ፡ ኣብ ዝቐረበ መጽናዕታዊ ወረቐት ኣፋዊ ስነ-ግጥሚ ብሄረ ናራ ምርኩስ ብምግባር - ዓሚቝ ዘተ ድሕሪ ምክያድ፡ ንኹሉ-መዳያዊ ምዕባለ ኣፋዊ ስነ-ግጥሚ ብሄረ ናራ ዝሕግዝ ሃናጺ ሓሳባትን ርእይቶታትን ኣቕሪቦም።

እናሃሰሰን እናጠፍኣን ዝመጽእ ዘሎ ሃብታም ያታውን ታሪኻውን ኣፋዊ ስነ-ግጥሚን ባህላዊ ውርሻን ብሄራትና፡ ብዝተወደበ ኣገባብ ብክኢላታት ተበርቢሩን ተጻሒፉን ምእንቲ ክሰንድ፡ ተመሳሳሊ ዓውድታትዘተ ክድገፉ'ሎም ድማ ኣዘኻኺሮም።

# ሌላ ምስ ቤት-ጽሕፈት ካዳስተርን ዕማማቱን

## ብቤት-ጽሕፈት ካዳስተር (ሚ.መ.ማ.ኣ) ዝተዳለዉ ጽሑፋት

ካልኣይ ክፋል

### 2. ፖሊሲ፡ ዕላማን ስትራተጂን ካዳስትራዊ ምዝገባ

#### 2.1 ፖሊሲን ዕላማን ካዳስትራዊ ምዝገባ

መንግስቲ ኤርትራ ኣብ 1994 ንዓዉሕ ዝጠመተ መርሓ ሃገር ዝኾነ ማክሮ-ፖሊሲ ሓንጺጹ፡፡ ዕላማኡ ድማ ወፍሪ ንምትብባዕ፣ ውሑስ ምሕደራ ኣከባቢ ንምርግጋጽ፣ ዘበናዊ ሕርሻ ንምምዕባል፣ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምውሓስ፣ ምዕሩይ ምክፍፋል መሬትን መሰላት ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ መሬትን ንምርግጋጽ ወዘተ እዩ፡፡ ንመሬት ብዝምልከት - ፖሊሲ መሬት ቁጠባዊ ምዕባለን ምዕሩይ ምክፍፋል መሬትን ንምርግጋጽ ተሓንጺጹ፣ ንምትግባሩ ስለ ዘድለየ ድማ ኣዋጅ መሬት ቁ/58/1994 ተኣዊጁ፡፡ ቀንዲ ትሕዝቶ ኣዋጅ መሬት እዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፦

- ኩሉ መሬት ዋንነት ናይ መንግስቲ እዩ፡፡

- ንኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ማዕረ መሰል ተጠቃምነት ጤሳ ይህብ፡፡

- መሰል ተጠቃምነት መሬት ሕርሻ ብሕርሻ ንዘናበሩ የረጋግጽ፡፡

- ክራያዊ መሰል ንመንበሪ ንንግዳዊ ሕርሻን ካልእ ኣገልግሎታትን ይህብ፡፡

- ንደቂ-ኣንስትዮ ማዕረ ደቂ-ተባዕትዮ መሰላት ኣብ መሬት የረጋግጽ፡፡

መሬት ብዋገኡ ክመሓደር ክኽእል ግን ክምዝገብ ኣለዎ፡፡ መሬት ምምሕዳር ማለት - ብኻልእ ኣዘራርባ ህዝቢ ምምሕዳር ማለት'ውን እዩ፡፡ ኣብ ምርግጋጽ መሰል ማዕርነት ደቂ-ኣንስትዮ ድማ ዓቢ ግደ ኣለዎ፡፡ ግቡእ ምሕደራ መሬት ንምርግጋጽ ድማ፡ ኣብ ግንቦት 1997 ኣዋጅ ምዝገባ መሬትን ካልእ ዘይንቀሳቐስ ንብረትን ቁ/95/1997 ተኣዊጁ፡፡ ቀንዲ ትሕዝቶ ናይዚ ኣዋጅ'ዚ እዞም ዝስዕቡ የጠቓልል፦

- ንኩሉ መሬትን ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተደኮነ ዘይንቀሳቐስ ንብረትን ኣብ ልዕሊኡ ዘህሉ መሰላትን ግቡኣትን፣ ከምኡ'ውን ብመሸጣ፡ ብውርሻ፡ ብህያብ፡ ወይ ብኻልእ ኣገባብ ንዝዋንነር ምትሕልላፍ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ይምዝገብ፡፡

- ንኩሉ መሰላት ጤሳ፡ ተጠቃምነት መሬት ሕርሻን ብክራይ ዝዕደልን መሬት፡ ከምኡ'ውን ኣብ ኣገልግሎት መንግስቲ ዝርከብን ኣብ ኣገልግሎት ዘይወዓለ መሬት መንግስትን፡ ዝተፈጸመ ሕጋዊ እገዳ/ትሕጃ፡ ለውጢ ወይ ምትሕልላፍ ከም ኩነታቱ ኣብ እዋኑ ብዋገቡእ ይምዝገብ፡፡

- ስርዓት-ምዝገባ መሬት ከም ደረጃ ክቡብን ምዕባለኡን ንኣቃውማን ደብትን ቃጽያታት ኣሺሩ ዘርኢ ካርታ ወይ ንድፊ ካርታ ከምዝቖርብን ዝሰደን ይገብር፡፡

- ስርዓት ምዝገባ ሓደ ዝዓይነቱ ብቀሊል ዝምስራሕ፡ ብሕጋዊ ምልክታ ቁጽሪ 31/1997 ዝወጹ ቅጥዒታት መሰረት ብምግባር፡ ንመንነት በዓል መሰል፡ ንመግለጺ መሬትን ኣብ ልዕሊኡ ዝተደኮነ ዘይንቀሳቐስ ንብረትን፡ ዓይነት መሰልን ቀይድታቱን ደገፍቲ ሰነዳትን የጠቓልል፡፡

- ቤ/ጽ ካዳስተር፡ ከም ሃገራዊ መወከሰን ውሕስነት መሰልን ዋንነትን ዘገልግል ቤ/ጽ ብምዃኑ፡ መሰል ኣብ ልዕሊ መሬት ናይ ዝተደኮነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ናብ ሰሞም ክመሓላለፈሉም ዝደልዩ ሰባት ግቡእ ክፍሊት ኣገልግሎት ኣኽፊሉ፣ እቲ ንብረት ትሕጃ፡ ቀይዲ ወይ እገዳ ምህላዉ፡ ወይ'ውን ናጻ ምዃኑ መረጋገጺ ሓበሬታ ይህብ፡፡

- ዝኾነ መሬት ብሕጊ ክይተመዝገበን ሕጋዊ መለለዪ ቁጽሪ ክይተዋህበሉን ኣይምራሕን፣ ድሕሪ ምርሒት ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተሃንጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ከኣ ናይ ህንጻ ብቕዓት ወይ መንበሪ ብቕዓት ምስ ረኸበ ይምዝገብ፡፡

- ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተደኮነን ኣብ ቤ/ጽ ካዳስተር ዝተመዝገበን ቀዋሚ ንብረት ንልቓሕ ካብ ባንክን ውሕስነትን የገልግል፡፡

- ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባቢን...ካብ መንገስ ናይ'ዚ ኣዋጅ'ዚ ክይወጽኣ ዘድልዩ ሕጋጋትን መምርሒታትን ከውጽእ ከም ዝኽእል ይገልጽ፡፡

ቤ/ጽ ካዳስተር፡ ልዕሊ 135 ዓመታት ዕድመ ዘለዎም መዛግብትን ሰነዳትን ኣለዎ፡፡ እዞም ሰነዳትን መዛግብትን ብዋገቡእ ክዕቀቡ ኣለዎም፡፡ ቤ/ጽ ካዳስተር፡ ናይ ቀደም ቀንዲ ሰነዳት ናብ ኤሌትሮኒካዊ ዳታ ንምቕያርን ዘበናዊ ካዳስትራዊ ስርዓት ንምምዕባልን፡ ከም ቀንዲ መደብ ክሰርሓሉ ወጢኑ ኣሎ፡፡ እዚ ድማ፡ ንምሕደራ ቀዋሚ ንብረት ኣድላዪ ዝኾነ መብቆላዊ ሰነዳት ብምስኣልን (ስካን ብምግባር)፡ ኣብ ዳታብይዝ ብምእታውን ንልዕሊ ሓደ ዘበን ተዓቂቦም ዝጸንሑ ሰነዳት ናብ ኤሌትሮኒካዊ ዳታ ብምቕያር ውሕስነቶም ንምርግጋጽን፡ ስሉጥ ሓበሬታ ንዝምልከቶ ኣካል ከም ዝውሃብ ንምግባርን ዝጠመተ እዩ፡፡

ቤ/ጽ ካዳስተር፡ ተልእኾኡ ኣብ ምፍጻም ናይ ርሑቕ ራእይ ኣለዎ፡፡ ተልእኾኡ 'ምዕቃብን ምርግጋጽን ውሕስነት ዋንነት ዘይንቀሳቐስ ንብረትን መሰል ተጠቃምነት መሬትን' ኮይኑ፡ ራእዩ ድማ 'ምዝገባ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ንኩሎም ዓማዊል ስሉጥን ቀሊልን ከም ዝኸውን ምግባር' እዩ፡፡ ካዳስትራዊ ምዝገባ ቀዋሚ ንብረት ዘሰከሞ ሓላፍነት ቀሊል ኣይኮነን፡፡ ምኽንያቱ፡ ካዳስትራዊ ምዝገባ ውሕስነት መሰል ተጠቃምነት መሬትን ዋንነት ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተደኮነ ዘይንቀሳቐስ ንብረትን ስለ ዝህብ፡ ከምኡ ብምዃኑ ድማ፡ ቤ/ጽ ካዳስተር ኣብ ስራሕ ካዳስትራዊ ምዝገባን ኣገልግሎትን ክኸስቶሉም ክማዕበሉምን ዝጸንሐ ክብርታት ኣለዉ፡፡ እዞም ክብርታት እዚኦም፡ ቅንዕና፡ ትሕትና፡ ተሓታትነት፡ ዲሲፕሊን ስራሕ፡ ተማላእነትን ሞያውነትን ምስራሕን ምሽብኻሽን እዮም፡፡ ዝም ክብርታት ብምዕጣቕ ድማ እዩ ቤ/ጽ ካዳስተር፡ ኣብ መንግስቲ ቤት ጽሕፈትን ዓማዊል ተገልገልትን ምትእምማንን ስጡም ዝምድናን ክፍጥር ዝኽእል፡፡

#### 2.2 ስትራተጂ ስርዓት-ምዝገባ

ስትራተጂ፡ ተልእኾ ንምፍጻም ዘገልግል ልዑል ደረጃ ውጥን ኮይኑ፡ ደረጃ ብደረጃ ውድዓዊ ኩነታት ኣብ ግምት እናኣእተወ ፖሊሲ ካዳስትራዊ ምዝገባ ንምትግባር መርሓ ይህብ፡፡ ምምዕባል ዘበናዊ ካዳስትራዊ ስርዓት፡ ሓደ ካብቶም ቀንዲ ሽቶታት ቤ/ጽ ካዳስተር ኮይኑ ጸኒሑን ኣሎን፡፡ ምኽንያቱ፡ ኩሉ መሬትን ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተደኮነ ዘይንቀሳቐስ ንብረትን ብምምዝጋብን ዘበናዊ ካዳስትራዊ ስርዓት-ብምምዕባልን እዩ ግቡእ ምሕደራ ኣከባብያዊ ጸጋታትን ውሕስነት ዘላቒ ምዕባለን ክረጋገጽ ዝኽእል፡፡

እዚ ምርኩስ ብምግባር፡ ስትራተጂያዊ ውጥን ብምሕንጻጽ ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ዝተሓንጸጸ ውጥን ምስ ሓድሽ ኩነታት ዞባዊ ሰላም ምትሕግጋዝን ክኸይድ ስለ ዘለዎ፡ ክፍልታት ሚኒስትሪ መሬት፡ ማይን ኣከባብን ኣብ መጀመርታ ጥቅምቲ 2019፡ ናብ ማእከል ትካላዊ ብቕዓት ኤርትራ (እምባትካላ) ብምኻድን ብምዝታይን፡ ብደረጃ ሚኒስትሪ ዘርርሕ ስትራተጂያዊ ውጥን ሓንጺጾም፡፡ ዝተሓንጸጸ ስትራተጂያዊ ውጥን ኣብ ሓለፍትን ኣባላትን ኣድላዪ ዘተን ክትዕን ድሕሪ ምኻይድ፡ ኣብ መወዳእታ ታሕሳስ 2019 ኣቐድትን ሰታፍን ማእከል ትካላዊ ብቕዓት ኤርትራ ኣብ ዝተረኽብሉ ዓውደ-ዘተ ጸዲቑ፡፡ በዚ መሰረት ቤ/ጽ ካዳስተር፡ ክሳብ 2024ን ኪኖኡን ዝዝርጋሕ ስትራተጂያዊ ውጥን፡ እዞም ዝስዕቡ ሽቶታትን ዕላማታትን ሓንጺጹ ተበጊሱ፦

- ምሕያል ሕጋዊ መሳርሒታት ምሕደራ ኣከባብያዊ ጸጋታት - ምምሕያሽ ዘድልዮ ናይ ዝጸንሐ ኣዋጅ ምዝገባን (ቁ/95/1997) ሕጋጋትን ምእማን መምርሒታት ምዝገባ ምምሕያሽን ስርሓት ክትትልን ግምገማን ምሕያልን፡፡
- ምምዕባል ዘበናዊ ካዳስትራዊ ስርዓት ማለት፡ ምዕባይ ወሀድ ስርዓት ሓበሬታ - ምትእትታው ዘበናዊ ተክኖሎጂ፡ ምምዕባል ዳታብይዝ፡ ዝተለለዩ ሰነዳት ናብ ኤሌክትሮኒካዊ ሓበሬታ ምቕያር፡ ምትእስሳር ጽሑፋውን ስእላውን ሓበሬታ፡፡
- ምሕያል ንቕሓትን ኣፍልጦን ህዝብን መሻርኽትን ብዛዕባ ረብሓታት ካዳስትራዊ ምዝገባ፡፡
- ምሕያል ሰብኣውን ትካላውን ዓቕሚ - ኣድማዒ ስራሕ ብዘይ ብቑዕ ሰብኣውን ትካላውን ዓቕሚ ክትግበር ስለዘይክእል፡፡
- ምዕባይ መጸናዕቲ ካዳስትራዊ ኣገልግሎት - ዞባዊ ዝርጋሐ ቤ/ጽ-ካዳስተር ንምስፋሕን ግድነታዊ ምዝገባ ንምትግባርን፡፡
- ምዕባይ ካዳስትራዊ ምዝገባ ቀዋሚ ንብረት፡ ስርሓት ምዝገባ ደረጃኡ ሓልዩ ከም ዝሰፍሕ ንምግባር፡፡
- ውሑስ ምዕባለ ካዳስትራዊ ስርዓት ምርግጋጽ - ምስ መድረኽ ዝሰደድ ኣብ ክብሪ ንብረት ዝምርኩስ ርትዓዊ ክፍሊት ኣገልግሎት ምእማም፡፡
- ምኽያድ መጽናዕቲ፡ ንምልላይ ምዝጉባትን ዘይምዝጉባትን ኣብይቲ፡ ዘይተመዝገቡ ንምምዝጋብ ምእንቲ ክኽኣል፡፡

ቤ/ጽ ካዳስተር፡ ብመሰረት ኣዋጅ ምዝገባ ቁ/95/1997 ግድነታዊ ምዝገባ መሬትን ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተደኮነ ዘይንቀሳቐስ ንብረትን ከካይድ ነይርዎ፡፡ እንተኾነ፡ ብሕጽረት ሰብኣውን ትካላውን ዓቕሚ ንምትግባሩ ኣይከኣለን፡፡ ሕጽረት ሰብኣውን ትካላውን ዓቕሚ ኣብ ዝህልወሉ፡ ሕቶ ቀዳምነታት ኣብ ምዝገባ ይመጽእ፡፡ ከምኡ ስለዝኾነ ድማ፡ ኣብዚ ናይ መሰጋገሪ እዋን እዞም ዝስዕቡ ቦታታት ኣገዳስነቶም ተራእዩ ቀዳምነት ተዋሂብዎም ብኸፊል ክሰርሓሎም ጸኒሑ፦

- ምዝገባ መሬትን ህንጻታትን ኣብ ከተማታት፡፡
- ምዝገባ መሬትን ህንጻታትን ኣብ ሓወሲ ከተማታትን ኣብ ከበቢ ከተማታት ዝተደኮና ዓዲታታን፡፡
- ምዝገባ ንትካላትን ንጉዳዊ ሕርሻን ዝተዓደለን ዝዕደልን መሬት፡፡

ምስ ምሕያል ሰብኣውን ትካላውን ዓቕሚ ቤ/ጽ ካዳስተርን ካልኦት መሻርኽቲ ትካላትን ግን፡ ዞባዊ ዝርጋሐ ብምስፋሕን ናብ ግድነታዊ ምዝገባ ብምስጋርን ናብ ትግባረ ስትራተጂያዊ ውጥን ክሰግር ኣለዎ፡፡ ቤ/ጽ ካዳስተር፡ ብመሰረት ኣዋጅ መሬት፡ መሬት ሕርሻ ብመሰል ተጠቃምነት ሓንጎብን ንሓዋሩን ክዕደል ምስ ጀመረ፡ ብመሰል ተጠቃምነት መሬት ንዝዕደሉ ነቦርቲ ዓዲታት'ውን ምዝገባ ክጀምር ምዃኑ ርዱእ እዩ፡፡

ሓደ ካብቶም ስትራተጂታት ስርዓት-ምዝገባ ምምዕባል ዘበናዊ ካዳስትራዊ ስርዓት እዩ፡፡ እዚ ንምትእትታውን ምምዕባልን ኣብ ኮምፕዩተር ዝተመርኮሰ ስርዓት-ምዝገባ ይሓትት፡፡ ኮምፕዩተራዊ ስርዓት-ምዝገባ ከም ጸጋ ምዕባለ ዘበናዊ ተክኖሎጂ፡ ምዝገባ መሬትን ካልእ ቀዋሚ ንብረትን ኣብ ምቕልጣፍን ረብሓታት ካዳስትራዊ ምዝገባ ኣብ ምርግጋጽን ልዑል ኣበርክቶ ኣለዎ፡፡ በዚ ምኽንያት'ዚ ድማ እዩ ምምዕባል ዘበናዊ ካዳስትራዊ ስርዓት ከም መደብ ተታሒዙ ዝሰርሓሉ ዘሎ፡፡ ኮምፕዩተራዊ ስርዓት ሓበሬታ፡ ኣድማዒ ምሕደራ መሬትን ሃብታን ክህሉ ሓጊዙ እዩ፡፡

ዘበናዊ ብስሉኪኑት ዝማዕበለ ብኣህጉራዊ ደረጃ ተወዳዳሪ ቁጠባ ንምምዕባል ዘኽእል ዘበናዊ ካዳስትራዊ ስርዓት ምምዕባል የድሊ፡፡ ምኽንያቱ፡ ንምሕደራ ኣከባብያዊ ጸጋታት ስለ ዝሕግዝ፡፡ ኮምፕዩተራዊ ስርዓት-ምዝገባ ብዕቱብ ዝድፍኣሉ እምበኣር ዕዙዝ ረብሓታት ስለ ዘለዎ እዩ፡፡ ከምኡ ብምዃኑ ድማ እዩ ዘበናዊ ካዳስትራዊ ስርዓት ንምቛምን ምምዕባልን ብቑዕ ሞያዊ ዓቕሚን ተክኖሎጅን ፍሉይ ቆላሕታ ክግበረሉ ዘለዎ፡፡

ዘበናዊ ካዳስትራዊ ስርዓት፡ ወጽኢት ዘበናዊ ተክኖሎጂ እዩ፡፡ ምምስራትን ምምዕባልን ዘበናዊ ካዳስትራዊ ስርዓት ድማ፡ ምርጫ ዘይኮነ ግድነታዊ እዩ፡፡ ምኽንያቱ፡ ንግቡእ ምሕደራ ኣከባብያዊ ጸጋታት መሬትን ኣብ ልዕሊ መሬት ዝተደኮነ ዘይንቀሳቐስ ንብረትን ኣድላዪ መሳርሒ ስለዝኾነ፡፡ ዘበናዊ ካዳስትራዊ ስርዓት፡ ብዘይ ምትእትታው ኮምፕዩተራዊ ስርዓት-ምዝገባ ዘይሕሰብ እዩ፡፡ ኮምፕዩተራዊ ስርዓት-ምዝገባ ካብ ዘለዎ ረብሓታት ንምጥቃስ፦

- ኣብ ኣሰራርሓ ደረጃ የትሕዝ (standardization የተኣታቱ)፡፡
- ፋልማይ ምዝገባ ዘይንቀሳቐስ ንብረት የቀላጥፍ፡፡
- ዘዩድሊ ምሓዝ ምብዛሕ ቅዳሕ ሰነዳት ዘይንቀሳቐስ ንብረት የወግድ፡፡
- ንዕድጊ መሳርሒታት መዐቀቢ ንብረት ዝግበር ወጻኢታት ብምውሓድ ምጡን ዝኸፍለሉ መዐቀቢ ህንጻ (ክፍልታት) ይሓትት፡፡
- ስሉጥ ምትሕልላፍ ቀዋሚ ንብረት፣ ምምስራሕ ትሕጃን ማዛርን የረጋግጽ፡፡
- ልዑል ቅሉዕነትን (ልክዕነት) ቀጻጸርን ናይ ዝኣተወ ሓበሬታ ይህልዎ፡፡
- እዋናውነት ሓበሬታ የረጋግጽ - ንዓማዊል ተገልገልቲ ዓለምት ሓለፍትን ኣብያተ-ፍርድን ዘገልግል፡፡
- ቅዳሕ ኣብ ዳታብይዝ ዝኣተወ ምሓዝ (back up)፡ ከጋጥም ካብ ዝኽእል ሓደጋታት ምብልሻው የድሕን ወዘተ፡፡

ዝቕጽል ኣርእስትና፡ ኣብ ምዝገባ ንብረት ዘድልዩ ሰነዳትን ሳዕቤናት ዘይምምዝጋብን ዘይምሕዳስን ክኸውን እዩ፡፡

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኸለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቊ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቊ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

## ዜና

### ኣህጉራዊ 'መዓልቲ ፊስቱላ' ኣብ መንደፈራ ተዘኪራ

ኣህጉራዊ መዓልቲ ፊስቱላ፡ "ክፍወስ ብዝኽእል ፊስቱላ እትሳቐ ኣደ ክትህሉ የብላን" ብዝብል ቴማ - ብ25 ሓምለ ኣብ መንደፈራ ተዘኪራ፡፡

ኣቦ'ቲ ወከልቲ ሚኒስትሪ ጥዕና፡ ሓለፍቲ ምምሕዳር ዞባ ደቡብ፡ ከምኡ'ውን ወከልቲ ማዕከን ህዝቢ ውድባብ ሕብረት ሃገራት ዝተሳተፍዎ መደብ፡ ንጠንቅታት ፊስቱላ፡ ከምኡ'ውን ኣካላዊ፡ ስነ-ኣእምሮኣውን ማሕበራውን ሳዕቤናት ፊስቱላ ኣብ ልዕሊ ደቂ-ኣንስትዮ ዝገልጽ መግለጺታት ቀሪቡ፡፡

ካብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ጥዕና ዶ/ር ዓንደብርሃን ተስፋጼን፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ምስ መሻርኽቱ ብምትሕብባር፡ ግዲያት ፊስቱላ ንምሕካምን ንቕሓት ሕብረተሰብ ክብ ብምባል ንምክልኻሉን ቀጻሊ ጻዕሪ ከካይድ ምጽንሑ፣ ከም ወጽኢቱ ድማ - ተርእዮ ፊስቱላ እናኣንቈልቈለ ከምዝመጽአ ኣረዲኡ፡፡

ኣብ መወከሲ ሆስፒታል መንደፈራ ሳዕለዋይ ክኢላ ሕክምና ፊስቱላን መወልድንን ዶ/ር ሃብተ ሃይለመስቀል ብወገኑ፡ መርዓ ትሕቲ ዕድመን ኣብ ትካል ጥዕና ዘይምሕራስን ንፊስቱላ ካብ ዘቃልዑ ሓሳይ ልምድታት ከምዝኾኑ ብምምልካት፡ ኣፍስጸራት ንድሕነተን ድሕነት ዕሸለንን ግቡእ ክንክን ቅድመ-ሕርሲ ክገብራን ኣብ ትካል ጥዕና ክሓርሳን ምዒዱ፡፡

ፊስቱላ ማዕረ'ቲ ኣካላዊ ጉድኣቱ ከቢድ ማሕበራውን ስነ-ኣእምሮኣውን ሳዕቤናት እውን ከምዘለዎ ዝሓበረ ዶ/ር ሃብተ፡ ኣብ መወከሲ ሆስፒታል መንደፈራ በቢዓመቱ መብጣሕቲ ካብ ዝተገብረለን ልዕሊ 1,700 ግዳያት፡ እተን ልዕሊ 90 ሚእታዊት ከምዝሓወያ ገሊጹ፡፡

ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ መእለዩ ግዳያት ፊስቱላ ኣብ ዝወሃብ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ጽቡቕ ንዝበላ ሰለስተ ኣደታት ሽልማት ተዋሂሉ፡፡

# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ካብ ጀዛን ክሳብ ዓረዛን ግዝግዛን

መበል 20 ክፋል

*ኣብ ዝሓለፈ መበል 19 ክፋል ናይዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ ስርሒት ምድምሳስ እዚ ናደው ምስ ተወልዐ ኣብ ሰርዓት ደርግን ጀነራላቱን ብዛዕባ ዝተረአየ ዕግርግር፡ ኣብ ዕለት 18 ዝወዓለ ከኻታት ብዝምልከት ድሙ ጸላኢ፡ ነተን ናብ ርባ ዓንሰባ ቀሪበን ካብ ከረን ንዝመጽእ ሓይሊ ክከላኸላ ንዝጀመራ ሓይልታት ወገን ንድሕሪት ከም ዝደፍአን፡ ናብ የማን ብምጽሓ'ውን ንቦጦሎኒ 2-45 ናብ ዓጋማ ገጹ ከም ትምጠጥ ከም ዝገበራ፤ ካብታ ናብ ኣፍዓበት ገጹ ብምግባር ዝኣረደት በጦሎኒ 1-45 ሓንቲ ሓይሊ ተሳሒባ ናብ በጦ/2-45 ከም ዝተደረበት፤ ሓይልታት፡ ብሕጸረት ጠያይትን መግብን ክሽገራ ከም ዝጀመራ፤ ብምብራቕን ደቡባዊ ምብራቕን ኣፍዓበት ዝተሰለፉ ሓይልታት'ውን ኣብዚ ዕለት'ዚ መጥቃዕተን ከም ዝጀመራ፤ ነቲ ኣብ ዕለት 19 ወጋሕታ ብሸነኽ ላንፈት ከተም ኣፍዓበት ዝበጽሕ ናይ መፈጸምታ መጥቃዕቲ ንምትግባር'ውን ናብቲ ከተማ ተጸጊዐን ከም ዝሓደራ ተረኺብና። መቐጸልታኡ እንሆ፦*

ኣብ ሰዓት 5:30 ንግሆ ናይዚ ዕለት'ዚ፡ እቲ ንከተማ ኣፍዓበት ኣብ ቀለቤት ብምእታው ተጸጊዐዋ ዝሓደረ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር፡ ሓንሳብን ዘይተመልሰን ህጁም ፈነወ። እዚ ወሰንን ናይ መቃብሩን ህጁም'ዚ፡ ሓፈሻዊ መጥቃዕቲ ካብ ዝጅመር ኣብ መበል 48 ሰዓታት ዝተኻየደ እዩ። እቲ ብሸነኽ መኣዝናት ዝተፈነወ መጥቃዕቲ ናብታ ከተማ ገጹ ገጢሙ፡ ኣብ ውሽጢ ክልተ መዓልታት እናተዳኸመን ሞራላዊ ውድቀት እናጋጠመን ዝመጽአ ሓይሊ ጸላኢ ኸኣ፡ ነቲ ዝወረዶ መጥቃዕቲ ጸንዑ ክቃወሞ ብቑዓት ስኣነ። ንብረቱ እናገደፈ ዝበረሰ ከም ታንክታትን በኣም ወንጭፍ ርኪት ዝጸዓና ወተሃደራዊ ማካይንን ተማሊኡ ማስመር ጽርግያ ከረን ተኸቲሉ ክሃድም ጀመረ። እቲ ንናደው እዝ ትንፋስ ክሰጥዕ ሰራዊት ሓዙ ብስሚዒሰሚዒ ናብ ኣፍዓበት ዝኣተወ ኣዚ ካልኣይ ኣብዮታዊ ሰራዊት ብጀነራል ወብዙ ጊጋ 'ውን እንተኾነ ዘይ ከም ኣተኣታትዋኡ ህይወቱ ንምድሓን ጉዕዞ ብመሪሕ'ዩ ጀሚሩዎ። ምኽንያቱ ኣፍዓበት ብጢሓተ ኣብ ኢድ ህዝባዊ ሰራዊት ብምውዳቓ ደሮ ምእንጋድ በረራ ሄሊኮፕተረራት ኣቋሪጹ ስለ ዝበረት። ከም ወጽኢቱ ድማ ተጋዳላይ ኣብ ከባቢ ሰዓት 10:00 ቅ/ቀትሪ ብዓወት ናብ ከተማ ኣፍዓበት ኣተወ። ተጋዳላይ ንኸተማ ኣፍዓበት ክቆጻጸር ከሎ ድርብ ዓወታት'ዩ ጨቢጡ።

እቲ ቀዳማይን ኣውራን ዓወት ምፍንቃል ናደው እዚ ካብ መላእ ግንባር ናቕፋን ምቁጽጻር ከተማ ኣፍዓበትን ክኸውን ከሎ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ምምራኽ ሰለስተ ሶቬታውያን'ዩ ዝበረ። ሕብረት ሶቬት ቅድሚ ምምራኾም ወተሃደራታ ንሰርዓት ደርግ ወተሃደራዊ ሓገዝ ከም



ትገብር ተኣሚና ኣይትፈልጥን። ሕጂ ግን ሓንቲ ርእሰ ሓያል ዓለምና በዓም ኣብ ማእከል ዓውዲ ኲናት ዝተማረኹ ወተሃደራታ ምኽንያት፡ ጉዳ ዝተጋለጸትሉ ሰዓት ስለ ዝኣኸለ ንህዝባዊ ግንባር ድርብ ዓወት ነይሩ ክበሃል ይከኣል።

ሕጽር ብዝበለ፡ ካብቶም ዝተኸፍቱ ሸዱሽተ ናይ መጥቃዕቲ ክንፍታት እቶም ብቕድመ ግንባርን ብምብራቕ ኣፍዓበትን ዝተኸፍቱ ሓሙሽተ ክንፍታት መጥቃዕቲ ህዝባዊ ሰራዊት፡ ብሸፈሚዚ ልዕል ኢሉ ተገሊጹ ዘሎ ኣገባብ ዝማሰል ዕማሙ ምስ ምትሓዝ ከተማ ኣፍዓበት ዛዚሙ። ናደው እዚ ብምልኣት ንክቕበር ግን፡ እቲ ኣብ ክሳድ ማስሓሊት ዝተኣገደ ሻድሻይ ክንፊ መጥቃዕቲ ብዓወት ክዛዘም ነይሩዎ። ኣብዚ ዕለት'ዚ ኣብ ክንፊ ማስሓሊት ዝበረ ከኻታት ውግእ፡ ብኣንጻር ኣብ ኣፍዓበት ዝበረ ኩነት፡ ደረጃ ረስኑ ናብ ጥርዚ ብራኽ ገጹ ይስቅል ነበረ።

ኣቐዲሙ ከም ዝተገልጸ ጸላኢ ቀንዲ ታርጌቱ ጽርግያ ክሳድ ማስሓሊት ንምኽፋት ስለ ዝበረ፡ ማእከል ስሕበት ናይቲ ውግእ ኣብ ማስሓሊት ኮይኑ ቀጸለ። ማዕረማዕረኡ ብወገን ኣዝሪቑት ብምጥዋይ፡ ክሳብ ሰይቲ 19 መጋቢት ናብ ደብር-ዕጨይ ብምውርዋር ናብ ኣፍዓበት ክሓልፍ ፈተነ ገይሩ ነበረ። እቲ ብዝተሰፋማርያም ሃ/ስላሰ (ወዲ ኣመራባን) መሓሪ ዑቕባዝጊ (ወዲ ዑ/ዝጊን) ዝምራሕ በጦ/2-45 ድማ ካብ ክሳድ ማስሓሊት ጀሚሩ ናብዚ ዝተጠቕሰ ከበቢታት ሰሜናዊ ምዕራብን ሰሜንን ማስሓሊት ክምጠጥ ጸኒሑ እዩ። ንግሆ 19 መጋቢት ከተማ ኣፍዓበት ኣብ ኢድ ህዝባዊ ግንባር ድሕሪ ምውዳቓ ግን፡ ጸላኢ ገለ ለውጢ ገበረ። መጥቃዕቱ ናብ ዓጋማን ደብር-ዕጨይን ብምቕናዕ ተዘርጊሑ ዝበረ ሰራዊቱ ንድሕሪት ብምስሓብ፡ ኩሉ ዓቕሙ ናብ ክሳድ ማስሓሊት ኣቕንዐ። እዚ ማለት ድማ፡ ነቲ ካብ ኣፍዓበት ክምልጥ ዝተበገሰ ሰራዊት ናደው እዝ ዝበርኻ ገርካ መገዲ ብምኽፋት ካብ ደምሰሳ ንምድሓኑ ዕላማ ዝበረ እዩ። ጸላኢ፡ ነዚ ዕላማ'ዚ ንምትግባር፡ ብሰማይን ብመሬትን ዝትኩሱ ኩሎቶም ዓይነታት ዕጢቑምም ንዝበረ ኣጸዋር ተጠቒሙ፡ ካብ ገንፈሎም ክሳብ ማስሓሊትን ኣሙላትን ኣብ ዘለዉ ኮረብት ኣዝበዐ።

እቲ መሬት ከኣ ተፋሓሒሩ ናብ ደቦቂ ሕሩስ ተቐየረ።

ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ካብ በጦሎኒ 2-45 እታ ብጺጋም ጭፍ ተሰሊፉ ምስ በጦሎኒ 3-45 ኣሰራ ንቐንዲ ጽርግያ ከረን ኣፍዓበት ንጺጋም ገይራ፡ ካብ ክሳድ ማስሓሊት ምዕራብ ንቕድሚት ወርወር ኢላ ክትከላኸል ዝጸንሐት ኣሃዱ ሓይሊ 21 ኮይና፡ ሓለፍታ መሓመድዓሊ ማሕሙድ (ወዲማሕሙድን)መሓሪ ኣርኣያ (ወደርኣያን) ነበሩ። ሓይሊ 21፡ ኣብቲ ጸላኢ ንምቁጽጻሩ ኣተኩሮ ሂቡ ተደጋጋሚ ህጁምን ደብዳበን ዝኡበረሉ ዝበረ ኣጉዶሲ ቦታ ስለ ዝተሰለፈት፡ ካብተን ሰለስተ ሓይልታት ናይ በጦሎኒ ክልተ፡ ዚያዳ ሰብኣዊ ክሳራ ኣጋጠማ። ጸላኢ፡ ቅድሚ ናብዛ ኣሃዱ'ዚኣ ዝሓዘዮ ከበቢ ምትኳሩ ናብ በጦሎኒ 3-45 ዝተቘጻጸረቶ ወገን ገንፈሎም ፈተነታት ገይሩ ነይሩ እዩ። እቲ ቦታ'ቲ ግን ጸዳፍን ሓድሕዱ ዝተሓላለዮ ታባታትን ብምንባሩ ኣየድምዖን። እታ ዝሓሸት መንገዱ፡ በታ ሓንቲ ጋንታ ናይ ሓይሊ 21 ዝበረታ ቦታ ደፊእካ ናብ ክሳውዲ ማስሓሊት ምድያብ ንጸላኢ ተመሪጻት ነበረት።

እዛ ዝተጠቕሰት ቦታ፡ ካብ ገንፈሎም ዝተበገሰ እግሪእግሪ ናይቲ ኮረቢት ናብ ሰሜናዊ ምዕራብ ገጹ ዝሓልፍ ተቐናቲ ናይ ሓመድ ጽርግያ፤ ከም'ኡ'ውን ካብ ምዕራብ ብሩብ ዓንሰባ መጺኡ፡ ብማእከል ሓይሊ 21 ሰንጢቑ ንጽርግያ ክሳድ ማስሓሊት ንጸማን ኸደ ናብ ግዝዮዛ ዝኣቱ መገዲ ኣርባዕ ኣሎ። ጸላኢ እምበኣር፡ ናብ ክሳድ ማስሓሊት ንምድያብ ኣብ ክንዲ ነቲ ቀታሊ ቅርጺ ቦታታት መጺብዑ ገንፈሎም ዝጥቀም፡ ነዛ ዝተጠቕሰት መገዲ ኣርባዕ ክኽተል'ዩ መሪጹ። በዚ ምኽንያት፡ ኣብ ሓይሊ 21፡ ብፍላይ እታ ብኣዚዚ ጋንታ ሳበኑ ኮሚሳር ጋንታ ወዲሃናን ትምራሕ



ኣሃዱ፡ ገዚፍ መጥቃዕቲ ወረዳ። ኣብ ውሽጢ ውሱን ሰዓታት ብማሰዋእትን መውጋእትን ዓቕሚ ሰብ ጸንቀቐት። ክልተኦም መራሕቲ ጋንታታት ከይተረፉ ስለ ዝቖሰሉ ናብ ሕክምና ተላእኩ። ብሓፈሻ ክሳብ ዕለት 20 ኣብ ዝተኻየደ ውግእ ኣብ ሓይሊ 21 ትሸዓተ ተጋደልቲ ተሰዊኦም ክበሃል ከሎ፡ እቶም ሸውዓተ ስውኣት ናይዛ ጋንታ'ዚኣ ኣብኣትን ኣብ ዕለት 19 ዚጋጠመን ነበሩ። ንኮሚሳር ሓይሊ ወዲ ኣርኣያ ወሲኽካ ኣብቲ ቦታ ጥዑያት ዝተረፉ ኣባላት ናይታ ጋንታ ኣርባዕተ ጥራይ ነበሩ። ንሳቶም ከኣ ተወልደ መንግስ፡ ብርሃ ማልሻን ወዲ ሎሚኒትን እዮም።

እዚ ሓደገኛ መጥቃዕቲ'ዚ ንምዕጋት እምበኣር፡ ካብ በጦሎኒ 3-45 ሓንቲ ጋንታ ብህጹጽ ናብቲ ቦታ ተላእከት። ኣብቲ ግዜ'ቲ እታ ምስ ብርጌድ 24 ተጓዒዛ ዝመጸኣት ኣካል በጦሎኒ 3-45 ዝኾነት ሓይሊ ነታባይ፡ ምስ ኣሃዱኣ ተጸንበራ ስለ ዝበረት፡ በጦሎኒ ሰለስተ ብምልእታ ኣብ ፊት ክሳድ ማስሓሊት ኮይና ትዋጋእ ኣላ። እታ ብጸላኢ ዝተጠቕዐት ጋንታ ሓይሊ 21፡ ስውኣታ ንኽትቀብር'ውን ጉልበት ስለ ዘሓጸራ እታ ካብ እንዳ ሰለስተ መጺኣ ዝተከኣታ ጋንታ፡ ነቶም ኣብኡ ዝጸንሑ ስውኣት ባዕላ ቀብራ ነቲ ቦታ ሓዘቶ።

ይኹን'ምበር ሓይሊ ጸላኢ ኣመና ዓርሞሸሸ እዩ ዝበረ። የማዶጋም መጺብዑ ገንፈሎምን ኣብ ቅድሚ ማስሓሊትን ዝርከቡ ኮረብትን ታባታትን ብሰማይን መሬትን ከም ሕሱም ይልብለቡ ነበሩ። እታ ተከኣ ዝኣተወት ጋንታ ናይ በጦሎኒ 3-45 እውን ነቲ መጥቃዕቲ ክትጸር ኣይከኣለትን። ጸላኢ ካብ ዝበረቶ ቦታ ፈንቂሉ ናብቲ ምስ ማስሓሊት ዝተኣሳሰረ ብራኽ ተረተር ሰበሶ። ከም ሳዕቤኑ ኸኣ እንክላይ ነቲ ኣዘዙቲ በጦሎኒ 3-45 ዝጥቀምሉ ዝበሩ ታባታት ብኣሉታ ጸለዎ። ብኡ ምኽንያት ኣብ ኩሉተን እተን ተኣሳሰረን ዝዋግኣ ዝበራ ሓይልታት ሃንደሻዊ ናይ ኣተሓሕዛ ለውጢ ገበራ። እንክላይ እተን ናብ ዋዘንተት ገጸን ተዘርጊሐን ዝበራ ሓይልታት ብርጌድ 24፡ ክፋል ዓቕሚ ሰራዊተን ናብ ማስሓሊት ገጹ ክቕርባ ገበራ።

እቲ ኻልእ ኣብዚ ዕለት'ዚ ንኣዘዙቲ ክፍለ ሰራዊት 52 ብስራትን ስግኣትን ኮይኑ ዝጽሓፎም ሓበሬታ፡ ምሕራር ከተማ ኣፍዓበት ብስራታዊ ሓበሬታ፤ ምእካብ ሰራዊት ናደው እዚ ኣብ ከበቢታት ቀልሃመትን ፊልቀጣይርን ከኣ ስግኣት ዘስዕብ ዜና ነበረ። ሓይሊ ጸላኢ፡ ካብ ግንባራት ናቕፋ ተደፊኡ ናብ ኣፍዓበት ድሕሪ ምእካቡ፡ ከተማ ኣፍዓበት'ውን ብንግሆኡ ስለ ዝተመንጠለ ጠበልበል እናበለ ሰዓት 11:00 ቀትሪ ኣብ ቅድሚ'ተን ኣድብየን ዝጸበያኦ ዝበራ ሓይልታት በጦሎኒ 1-45 በጽሐ። ገለ ጋንታታት ካብ ሓይልታት ናይታ በጦሎኒ ንቕድሚት ሕልፍ ኢለን ነቲ ቀዳሞ ዝመጽአ ሓይሊ ጸላኢ ንድሕሪት ምስ ጸፍዓኦ፡ ጸላኢ፡ ኣብ ጽርግያን የማን ጺጋም ናይቲ ጽርግያን ንመዳን ክመስል ተረግሪጉ ኮፍ በለ።

ካብ ሰዓት ናብ ሰዓት ካብ ኣፍዓበት ዝመጽእ ኣጋር ሰራዊትን ታንክታትን በኣማት ዝጸዓና ተሽከርከርትን ጸላኢ እናወሰኸ መጸ። ኣብቲ ቦታ ኮፍ ጥራይ ምባል መፍትሒ ኮይኑ ስለ ዘይረኸቦ'ውን ዝተፈላለዩ ስጉምታት ክወስድ ተረኣዩ። ገለ ክፋል ናይቲ ሰራዊት ንሩባ ሁፋሮን ሩባ ዓወሰረይምን ተኸቲሉ ጉዕዞኡ የማን ጺጋም ክለግስ ከሎ፡ ብኣውራኡ እቲ ብዝፍ ሚካናይዝድ ዝተሰለየ ሓይሊ ግን ናብተን ክልተ ሓይልታት -ሓይሊ ታደሰ የሴፍን ወልድኣብ ተክልሰንበትን- ናይ በጦሎኒ 1-45 ዘይተርፍ መጥቃዕቲ ንምኽፋት ፍሉኾ እናበለ ይጽግዐን ነበረ። እቲ ከኻታት ናብ ገዚፍ ሓደጋ የምርሕ ምንባሩ ዝበምገሙ ኣዘዝቲ ብርጌድን ክፍለሰራዊትን ብወገኖም፡ ነተን ክልተ ሓይልታት ብህጹጽ ተወሳኺ ሓይሊ ክድርቡለን ጀመሩ።

እቲ ቀዳሞ ናብተን ጸላኢ ኣብ ምዕጋት ንኸበድ ውግእ ዝዓለዋ ዝበራ ክልተ ሓይልታት ዝተደረበ ኣሃዱ፡ ሓይሊ ሰለሙን ገ/ዚጋኣብሄር ናይ ኣጋር ከበድ ብረት ነበረ። እዚ ሓይሊ'ዚ፡ ካብ ከባቢ ማስሓሊት ተበጊሱ፡ ምስ ብዙሕ ናይ ሄሊኮፕተራት ተጻብኦ ኣብ ከባቢ ጽርግያ ምስ ሓይሊ ወልድኣብ ተኣሳሰሩ ሓዘ። ኣጋር ከበድ ብረት ክ/ሰራዊት 52 ኣብቲ ውግእ'ቲ እቲ ዝሸበደ ዓጠቓቶ ዝበረት ብረት፡ ዶሽካን ቢቴንን እዩ።

ኣብቲ ሸዑ ካብ ሄሊኮፕተራት ጸላኢ ዝተኻየደ ደብዳብ፡ ኣዚ በጦሎኒ 1-45 ሃብትማርያም ገረዝሀር (ፅንድኩር) ንባዕሉ፡ ብፍንጫል በምባ ኣብ እግሩ ተሃርመ። ንሱ ከም መአዘዚ ዝጥቀመላ ዝበረ ቦታ፡ ናብ ኣፍዓበት ገጹ ክትወርድ ካብ ክሳድ ፊልቀጣይር ንጸማን ኣብ ዘላ ኩጀት ነበረ። ልክዕ ኣብቲ እተን ሓይልታት ከም መዋግኢ ዝተጠቐማሉ ቦታ ማለት እዩ።

ምስቲ ኣንጠጥዩ ዝበረ ከበድ ናይ ሓደጋ ደበና ብምዝማድ፡ ናይ ከበድ ብረት ሓንቲ ሓይሊ ጥራይ ናብ ቆንዩን ፊልቀጣይርን ምልኣኽ ኣኻሊ ኣይነበረን። በዚ ምኽንያት፡ ካብ ብርጌድ 24 ሓይሊ ተስፋማርያም ሰኾለ (ናይ ወዲ ሰኾሌ) ሓይሊ የማን መሪሕን እውን ካብ ጉማዖም ዓንሰባ ወሪደን ሓንቲ ድሕሪ'ታ ካልእ ናብ ቆጋይ ኣምርሓ።

**ይቕጽል**

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ቃንዛ መትኒ - neuralgia

### መትኒ (nerve) እንታይ እዩ?

መትኒ ኣብ መላእ ሰብነትና እዩ ዝርከብ። ልክዕ ከም ናይ ኤሌትሪክ ሰልኪ፡ ኤሌክትሪካዊ ተዘዚታ ተቐቢሉ ኣብ መንጎ ሓንጎልን ካልእ ክፍልታት ሰብነትን መልእኽቲ የመሓላልፍ። እዚ ኤሌክትሪካዊ ተዘዚታ'ዚ፡ ዝኾነ ስምዒታት ክስተማቐር ይጉብረና። ጭዋዳታትና ከም ዝንቀሳቐሱ ይጉብር። ከም ምስትንፋስ፡ ምርሃጽ፡ መግቢ ምሕቃቕ ወዘተ ዝኣመሰሉ - ሰብነትና ዘካይዶም ርእሱ ምሕደራ (autonomic) ዕማማት ክፍጸሙ ዝጉብር'ውን መትኒ እዩ።

ዋህዮታት መትኒ 'ኒውሮንስ' (neurons) ተባሂሎም'ውን ይጽወዑ እዮም። 'ኒውሮንስ' ኣብ መላእ ሰብነትና ተዘርጊሖም ደርከቡ - ብፍላይ ድማ ኣብ ሓንጎልን ዕትብቲ ዓንዲ ሕቆን። ኣብ ሓንጎልን ዕትብቲ-ሕቆን ዝርከቡ መትንታት ሓቢሮም፡ ስርዓት-መትኒ ይቖውሙ። ካብ ሓንጎልን ዕትብቲ-ሕቆን ወጻኢ ዝርከብ መትኒ ብኣገላልጻ ሓኪይም 'ወሰናዊ ስርዓት መትኒ' (peripheral nervous system) ይበሃል።

### ዓይነታት መትኒ

ክልተ ዓበይቲ ዓይነት መትኒ ኣለዉ።

**ህዋሳዊ መትኒ (Sensory nerves)** - እዚ ንኽትሕዝ/ክትጭብጥ፡ ክተስተማቕር፡ ክትሸትት ከምኡ'ውን ክትርኢ ምእንቲ ናብ ሓንጎል ምልክት ዝህብ መትኒ እዩ።

**ኣንቀሳቓሲ መትኒ (Motor nerves)** - ምእንቲ ክትንቀሳቐስ ወይ ብዮንብእ ክትዓዪ ናብ ጭዋዳታትን ጸክታትን መልእኽቲ ይሰድድ።

ኣብ ውሽጢ ሓንጎልን ዕትብቲ-ሕቆን'ውን ክልተ ጨናፍር መትንታት ኣለዉ።

**መትኒ ቀርቀርቲ (Cranial nerves)** - እዚኦም 12 ጽምዲ መትንታት ኮይኖም፡ ካብ ሓንጎል ተበጊሶም ናብ መላእ ገጽና፡ ርእስናን ክሳድናን ይዝርግሑ። መትኒ ቀርቀርቲ ህዋሳዊ ወይ ኣንቀሳቓሲ ወይ'ውን ክልቲኡ ዕማም እዩ ዘለዎም። ኣብ ገጽና ዝርአ ስምዒታት ገጽ፡ ምንቅስቓስ ኣዒንትን ወዘተ ብመትኒ ቀርቀርቲ እዩ ዝቆጻጸር።

**መትኒ ሕቆ (Spinal nerves)** - 31 ጽምዲ መትኒ ሕቆ ኣለዉ። እዚኦም ካብ ዕትብቲ-ሕቆ ተበጊሶም ናብ ካልእ ሰብነትና ዝዝርግሑ እዮም። እዚኦም'ውን ህዋሳዊ ወይ ኣንቀሳቓሲ ወይ'ውን ክልቲኡ ዕማም እዩ ዘለዎም። ካብ መላግቦታትን ጭዋዳታትን ዝተረኽበ መልእኽቲ ናብ ዕትብቲ ዓንዲ ሕቆ የመሓላልፍ። እዚ መትኒ'ዚ ስምዒታትና ኣብ ምልላይ'ውን ይሕግዝ እዩ። ብኢድና ወዕዩ ነገር ምስ እንትንከፍ ዝሰምዓና ናይ ምቅጻል ስምዒት ዕማም ናይዚ መትኒ'ዚ እዩ።

### ዕማም ናይ መትኒ

መትኒ ብኤሌክትሪካዊ ዋሕዚ ካብን ናብን ክፍሊ ሰብነትና መልእኽቲ የመሓላልፍ። እዚ ምልክት'ዚ ድማ፦

* ምንቅስቓስና፡
* ዝተፈላለዩ ስምዒታትና፡
* ጸቕጢ ደምና፡
* እስትንፋስና፡
* ህርመት ልብ፡
* ምሕቃቕ መግቢ፡
* ዓቕሚ ወጥሪ ሰብነትና ይቆጻጸር።

### መትኒታትና ኣበይ ደርከቡ?

መብዝሕትኦም መትኒታት ካብ ዕትብቲ-ሕቆ እዮም ዝበገሱ። ገለ ውሑዳት ድማ ካብ ሓንጎል። ናብ መላእ ሰብነትና ይዝርግሑ።

= ኣብ ቅልጽም - 'ኡልናር' (ulnar)፡ 'መዲያን' (median)፡ 'ራዲያል' (radial) ከምኡ'ውን 'ኣዚላሪ' (axillary) ዝተባህሉ መትኒታት ይርከቡ።

= ኣብ ኣፍልብን ከስዐን - 'ቫገስ' (vagus) ከምኡ'ውን 'ፍረኒክ' (phrenic) ዝተባህሉ መትኒታት ይርከቡ።

= ኣብ ገጽ - 'ፋሽያ' (facial)፡ 'ትሪገሚናል' (trigeminal) ከምኡ'ውን 'ኦፕቲክ' (optic) ዝተባህሉ መትኒታት ይርከቡ።

= ኣብ እግሪ - 'ሽያቲክ' (sciatic)፡ 'ፈሞራል' (femoral)፡ 'ቲብያል' (tibial)፡ 'ኦብቱራቶር' (obturator) ከምኡ'ውን 'ሱራል' (sural) ዝተባህሉ መትኒታት ይርከቡ።

= ኣብ ጎሎ - ፑደንዳል (pudendal) ዝተባህለ መትኒ ይርከብ።

### እንክብሮ ጥንቃቐ ንጥዕና መትኒ

ካብ ሽጋራን ኣልኮላዊ መስተን ምሕራም፡

ጥዕና ዘለዎ ኣመጋግባ ምዝውታር፡

ካብ ሕዱር ሕማማት ምክልኻል፡

ካብ ወጥርን ካልእ ዘጨንቑ ነገራትን ምእላይ፡

ግቡእ ዕረፍቲ ምርካብ፡

ሰብነትካ ምጥላል።

### ቃንዛ መትኒ

ኣብ ሰብነትና ዝወርድ - ዝኾነ መጉዳእቲ ይኹን ረኽሲ ዘፈጥሮ ቃንዛ፡ ብመትንታት ሰብነትና ኢና ነለልዮን ነስተማቕሮን።

ብመጉዳእቲ ወይ ቁጥዐ ናይ መትኒ፡ ኣብ ሰብነትና ዝፍጠር ቃንዛ - 'ቃንዛ መትኒ' ይበሃል። ሓውሓው ወይ ሽቕሽቕ ዝበል ስምዒት ገለ ካብቲ ምልክታቱ እዩ።

ቃንዛ መትኒ ሕዱር ኮይኑ፡ ምስ ዕድመ ኣናበኣሰ ዝኸይድ ክኸውን ይኽእል እዩ። ጠንቂ ቃንዛ መትኒ - ብሕዱር ሕማም፡ እናበኣሰ ብዝኸይድ ናይ መትኒ ጸገም፡ ከምኡ'ውን ብሰንኪ መጉዳእቲ ወይ ረኽሲ ዝሰዓበ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ሕዱር ቃንዛ መትኒ ዘለዎ ሰብ፡ እቲ ቃንዛ ብዘይ ዝኾነ ጠንቂ ወይ ምልክት ኣብ ዝኾነ እዋን ኪጋጥሞ ይኽእል። ግዜያዊ ቃንዛ መትኒ ዘለዎ ሰብ ግና እቲ ዘጋጥሞ ቃንዛ ገለ መጠኑ ክህልዎ ልሙድ እዩ።

ብሕማም ይኹን መጉዳእቲ ኣብ ሰብነትና ዝስመዓና ቃንዛ፡ መትናዊ ቃንዛ ዘይኮነ'ውን (non-neuropathic pain) ይኽእል እዩ። እዚ ዓይነት ቃንዛ'ዚ ሽው ንሽው ብዘጋጥመና ማህሰይቲ ወይ ማህረምቲ እዩ ዝለዓል። ንኣብነት፡ ጊዜፍ መጽሓፍ ናብ እግርና ምስ ዝወድቕ፡ ከቕንዘወና ግድን እዩ። ድሕሪቲ ማህረምቲ ስርዓት መትኒ ኣካላትና ምልክት ናይ ቃንዛ ስለ ዝልእኽ እዩ ዘቕንዘወና። ጸኒሑ ክበድሪና ንብር ስለ ዝኾነ፡ ቃንዛ መትኒ ወይ 'ኒውሮለጂያ' (neuralgia) ተባሂሉ ኣይግለጽን እዩ።

ኣብ ቃንዛ መትኒ፡ እቲ ዝፍጠር ቃንዛ ብመጉዳእቲ ወይ ብምህሳይቲ ኣይተሻን ዝለዓል፡ ሃንደበት መጠነ ብዘይብሉ ጠንቂ እቲ ቃንዛ ክለዓል ይኽእል እዩ፡ ከምዚ ዓይነት ጸገም ዘለዎ ሰብ ምሽቅሻቕን ምቅጻል ኣብ መትንን



ዝኣመሰለ ምልክታት እዮም ዘርእዩ። እቲ ቃንዛ ዘይፈልወጥን ከየቋረጸ ንነዊሕ ዝጸንሕን ክኸውን ይኽእል። እቲ ቃንዛ ሓሓሊፉ ዝመጽእ'ውን ክኸውን ይኽእል። ናይ ምድንዛዝን ምጉዳል ስምዒትን ዝኣመሰሉ ምልክታት'ውን ኣለዉ። ምስ ግዜ ድማ እናበኣሰ እዩ ዝኸይድ።

### ጠንቂ ቃንዛ መትኒ እንታይ እዩ?

ጠንቂ ቃንዛ መትኒ፡ ኣብ ኣርባዕተ ተኸፊሉ እዩ ዝግለጽ - ሕማም፡ መጉዳእቲ፡ ረኽሲ ከምኡ'ውን ምቑራጽ መሓውር።

### ሕማም

ቃንዛ መትኒ፡ ዝተፈላለዩ ሕማማት ኣብ ሰብነትና ብዘፈጥርዎ ሓልክታት ዝሰዓበ ክኸውን ይኽእል እዩ።

መጽናዕትታት ከም ዘመልክትዎ፡ 30 ሚእታዊት ዘጋጥሙ ቃንዛ መትኒ ብሕማም ሽኮር ዝሰዓቡ እዮም። ሕዱር ሕማም ሽኮር ኣብ ንጥፈታት መትኒ ከቢድ ጉድኣት እዩ ዘውርድ።

ሕማም ሽኮር ዘለዎም ሰባት፡ ድሕሪቲ ኣብ መሓውሮም ዘጋጥሞም ቃንዛ፡ ምቅጻልን ምሽቅሻቕን ዝኣመሰሉ ምልክታት፡ ከምኡ'ውን ምድንዛዝን ምጉዳል ስምዒትን ምልክታት የርእዩ እዮም።

ንነዊሕ ዓመታት ግዙእ ኣልኮላዊ መስተ ምኻን ንባዕሉ ቃንዛ መትኒ የስዕብ እዩ። ኣልኮላዊ መስተ ኣብ ልዕሊ መትንታት ሰብነት ዘውርዶ ጉድኣት፡ ምስቲ ትወስዶ ብዝሒ ዓቐን ኣልኮል እናበኣሰ እዩ ዝኸይድ።

**'ትሪገሚናል' ቃንዛ መትኒ (Trigeminal neuralgia)**፡ ኣብ ሓደ ጎድናዊ ክፋል ናይ ገጽና ጥራይ ዘጋጥም ቃንዛ መትኒ እዩ። እዚ ጠንቁ እንታይ ምዃኑ ንጹር'ኳ እንተዘይኮነ፡ እዚ ዓይነት ቃንዛ መትኒ ኣብ ሓያሎ ሰባት ደርኣ እዩ።

መንሽሮ ንምፍዋስ ተባሂሉ ዝወሰድ ዓይነት ሕክምናዊ ሓገዝ ንባዕሉ ቃንዛ መትኒ የስዕብ እዩ። 'ኬሞተራፒ' ይኹን 'ራዴሽን' ኣብ ስርዓት-መትኒ ጉድኣት የውርዱ እዮም።

### መጉዳእቲ

ኣብ 'ቲሹታት'፡ ጭዋዳታትን መላግቦታትን ዘጋጥም መጉድእቲ ብዙሕ ልሙድ ዘይኮነ ቃንዛ መትኒ የስዕቡ እዮም። ብኣንጻሩ ኣብ ዓንዲ ሕቖ፡ እግሪ ከምኡ'ውን ምሕኽልቲ ዘጋጥም መጉዳእቲ ንዊሕ ዝቕጽል ቃንዛ መትኒ ከስዕብ ይኽእል።

እቲ ዝወረደ መጉዳእቲ ዋላ ይፈወስ፡ ኣብ ልዕሊ ስርዓት መትኒ ዘፈጥሮ መጉዳእቲ ግን ኩሉዊ ኣይክእልን እዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ድሕርቲ ዘጋጠመ ሓደጋ እቲ ቃንዛ መትኒ ምሳኻ ዝቕጽል።

### ረኽሲ

ረኽሲ፡ ብትሑት ቁጽሪ ዋላ ይኹን፡ ቃንዛ መትኒ የስዕብ እዩ።

'ሺንግለስ' (Shingles) ብሰንኪ ፍርማይ ኣብ ሽምጢ ዝኽሰት ቫይረሳዊ ነድሪ ቆርበት እዩ። እዚ ዓይነት ሕማም'ዚ ንሰሙናት ዝጸንሕ ቃንዛ መትኒ የስዕብ እዩ።

**ረኽሲ ፍንጣጣ (syphilis infection)** ንባዕሉ፡ ቃንዛን ምስምማቕ ጭዋዳን ዝኣመሰለ ጥዕናዊ ጸገማት የስዕብ እዩ። ምስ 'ኤች. ኣይ. ቪ.' ቫይረስ ዝነብሩ ሰባት ከምዚ ዓይነት ቃንዛ የጋጥሞም እዩ።

### ምቑራጽ መሓውር

ምቑራጽ መሓውር፡ ፍሉይ ምትሃት ዘለዎ ቃንዛ መትኒ የስዕብ እዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ ሓንጎል ብዘኾነ ጥዕናዊ ጸገም ካብቲ ደሮ ተቖሪጻ ተኣልዩ ዘሎ መሓውር ናይ ቃንዛ ምልክታት ክቕበል ስለ ዝሓስብ እዩ። ከምዚ ዓይነት ምትሃታዊ ቃንዛ መትኒ ኣብ ጸፍሪ ኣጻብዕቲ፡ ብልዕቲ፡ እዝኒ ከምኡ'ውን ካልኦት ጫፋት ናይ ኣካላትና ብዘጋጥሙ ጸገማት ይስመዓና እዩ።

### ካልኦት ጠንቅታት ቃንዛ መትኒ

* ዋሕዲ ቫይታሚን 'ቢ'፡
* ኣብ ዓጽሚ ጉምቦ ኣድ ዘጋጥም ጸገም፡
* ጸገም ኣብ ጸኪ ጎሮሮቲ (thyroid problems)
* ጸገም ኣብ መትንታት ገጽ ወዘተ።

### ምልክታት ቃንዛ መትኒ

ምልክታት ቃንዛ መትኒ፡ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይፈላለ እዩ። እቶም ልሙዳት ምልክታት፦

* ምውጋእ፡ ምሽቕሻቕ ከምኡ'ውን ምቅጻል፡
* ጸላዕላዕ ምባልን ምድንዛዝን፡
* ብዘይዝኾነ መጠኒ ዝፍጠር ሃንደበታዊ ቃንዛ፡
* ስምዒታት ዘለዓዕል ቃንዛ፡ ንኣብነት እቲ ስምዒት ሰብነትካ ክትሓኽ ወይ ክትፍሕፍሓ ምድላይ፡ ኣብ ዝሑል ቦታ ክትነብር ምድላይ፡ ጸጉሪ ርእስኻ ክትምሽጥ ምድላይ ወዘተ ክኸውን ይኽእል፡
* ምቑጽጻር ክሰመዓካ ዘይምኽኣል፡
* ክተዕርፍን ክትድቅስን ምጽጋም፡
* ስምዒታትካ ክትቆጻጸር ዘይምኽኣል ወዘተ ክጥቀሱ ይኽእሉ።

### ብኸመይ ንፍወሶ?

እቲ ቃንዛ መትኒ ብኸይ ከም ዝሰዓበ ምፍላጥ - ሓደ ካብቲ ንምፍዋሱ ዘድሊ ኣገዳሲ ረቋሒ እዩ። ገለ ዓይነት ጠንቅታት ቃንዛ መትኒ ክፍወሱ ዘኽእሉ ምኽንያም ኣይተዘንግዑ።

ኣብ'ዚ እምበኣር፡ ሓኪም ነቲ ጠንቂ ብዘየዕ ኣለልዩ ካብ መድሃኒት ክሳብ 'ራዴሽን' ዝቕጽል ዓይነት ፍወሳ ክዕብረልካ ይኽእል እዩ።

### ፍወሳ ብለውጢ ኣነባብራ

ምገዙይን ማሳጅን፡ ሓደ ካብቶም ቃንዛ መትኒ ንምህዳእ ዝሕግር ፍወሳ እዩ። እዚ ዓይነት ፍወሳ'ዚ ጭዋዳታት ሰብነትና ንምፍትታሕ'ውን ይሕግዝ እዩ።

ክኢላታት ሕክምና፡ ኣብ ገዛ ክትገብሮ ብዝዕባ ዝሕበኣካ ጥንቃቐን ፍወሳን እኹል ሓበሬታ ክህቡኻ ይኽእሉ እዮም። እቲ ዝህቡኻ ፍወሳ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታትካ ብኣትግብሮ ለውጥታት ምስራት ዝገበረ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ንኣብነት፡ ገለ ቃንዛ መትኒ ዘለዎም ሰባት፡ ኣብ ሓደ ቦታ ነዊሕ ድሕሪ ኮፍ ምባሎም - ሻቡ ምልክታት የርእዩ እዮም። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት፡ እቲ ዝተቐመጥሉ ኮፍ መበሊ ወይ ኣቀማምጥኦም፡ ግቡእ ኣይጸንሐን ክኸውን ይኽእል እዩ። ስለ'ዚ፡ ክኢላታት ሕክምና ብኸመይ ኮፍ ክትብል ከም ዘለካ፡ ከመይ ኢልካ ደው ከም እትብል፡ ንብረት ክተልዕል እንተለካ ከመይ ከም እትብል ክሕብሩኻ ስለ ዝኽእሉ ተወከሶም።

ምንጪ፦ healthdirect

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ካብ ዞባታት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ (ቀጥታ) |
| 15:30 | ዶክመንታሪ |
| 16:00 | ሞዛይክ 1 |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ሞዛይክ 2 |
| 19:30 | እትመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ቴራብ (ቀጥታ) |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ፊልም በርህ በዓል ርስቲ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዓለም ስፖርትን(?) |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እንዳ ዝምዝም |

# ወዘተረፈ

መም/ዮናስ ሃብተ

## ክም ብዋዛ

ሓንቲ ሰበይቲ፡ ኣብ ምውፋር ኣውቶቡስ ዕዳጋ ሓሙስ ካብ ዝርከብ ደኳኩን - ናብ ሓንቲ እትው በላ።

* ዒቢ. መጻወድያዶ ኣለኩም?

* እወ ኣለና።

* በል ቅልጥፍ ኢልካ ሓንቲ ሃበኒ'ሞ፡ ነዛ ኣውቶቡስ ናይ በሎ፡ ከይተበገሰት እንከላ ክሕዛ።

* ኣይ! እዚ. ናትና መጻወድያስ ንኣናጹ እምበር፡ ንኣውቶቡስ ኣይሕዝን እዩ።

= = =


## ካብ ዓይነታት ደኳኩን

በሃለኡ እንደዒ፡ "ናይ ሓብር ዝኸሪ ዘይብሉ ናይ ሓብር ባህሊ. የብሉን። ናይ ሓብር ባህሊ. ዘይብሉ ድማ፡ ናይ ሓብር ሃገር የብሉን።" ዝበል ሓረግ ምሸ ኣሎ ሓቀይ?

በሉ ብናይ ሓብር ዝኸሪ ከዕልልሲ. - ቀደም ብግዜ ደርግ እዩ። ኣብ ገዛውትና እንዳ ምብራቕ፡ እንዳ ለተሰለሱ፡ እንዳ ለገሶ፡ እንዳ ዘርኣይ፡ እንዳ መሳ ዝበሃላ ጽብብ ጽብብ ዝበላ ደኳኩን (ደኳናት) ነይረን። ምናልባት ኣስማተን ደኣ ይፈላለ ይኸውን እምበር፡ ብተመሳሳሊ. ኣኣብ ገዛውትኹም ድማ፡ እንዳ ዓሊ፡ እንዳ ኑሩ፡ እንዳ ነጋሽ፡ እንዳ መብራህቱ፡ እንዳ ምብራቕ፡ እንዳ ትዕበ፡ እንዳ እምባፍራሽ. . . ዝበሃላ ደኳናት ነይረን እየን።

እዘን ደኳኩን እዚኣተን እንዝክረን ንሕና ደቒ'ቲ ገዛውቲ ብፍሉይ ትዝ ዝበለና ነገር ኣሎ። ብናተይ ወገን እንተ ወሲድኩም ንኣብነት፡ ናብኣተን ተላኢኽና ኬድና - ከም ዘይቲ፡ ሽኮር፡ ቀጠፍ፡ ሳሙና፡ ዑድ፡ ካፌኖል፡ ኣሰብሮ. . . ወዘተ ዝኣመሰለ ዘድልየና ነገር ምስ ዓደግና፡ ኣቶም ሰብ ደኳኩን ናይ ዝዓደግናሉ ሞቓሸሽ፡ ኣብ መጋር ብዘተጠምዐ ሽንጣር ገይሮም፡ ኣብ ከብዲ ኢድና ልኽይ ዘብሉልና ዝነበሩ እዩ ብቐዳምነት ዝረኣየኒ። ናብተን ደኳኩን ክንለኣኽ እንከለና፡ እታ መጋር እቲኣ ክትልከየልና ምኳና ስለ እንፈልጥ፡ ብጉያ ኢና ንኸይድ። ዝተላኣኽናዮ ሒዝና ክንምለስ እንከለና - ነቲ ኣብ'ቲ ሰልዲ ብምዕማኽና ዝተፈጥረ ረሃጽ ተላሒዱዎ ሓውሲ. ጭቃ ዝሰርሐ ከብዲ ኢድና ዝተለኸየልና መጋርን ነቲ ጭቃኑ ኣሕቢርና እናለሓስና መልእኽትና ነብጽሕ። በዚ. ምኽንያት እዚ. ድማ፡ ንሕና ይትረፍዶ ምልኣኽ ክንኣብሉ፡ እኳ ደኣ ጉያ ኢና እንወሰኸሉ ዝነበርና።

ብፍላይ እተን ኣብ ፊት ናይ'ታ እንጻወተላ ጎልጎል ዝነበራ ኣደይ እዞዝርያ ዝበሃላ ሰይተ'ቦይ ዘርኣይን ኣደይ ለተሰላሰን ደኳሃን



እናሓለዋ ንእግረ መንገድን መን ንመን ይዕምጽ? መን ንመን ይድግፍ? ዓበይቲ ክመጽኡ እንከለዉ. ኩዕሶ ጸወታና ደው ኣቢልናዶ ነሕልፎም ወይስ ክንጻወት ክንብል ሓለፍቲ መንገዲ ኸሞር? ንኹሉ ስለ ዝከታተላ፡ እቲ በደል ዘየላቡ እንተነይሩ ሽዑ ንሽዑ ካብ ደኳሃን ወጺኤን ይግስጻና። እንተዘየሎ ድማ፡ ገለ ተላኢኽና ናብኣተን እትው ምስ በልና፡ እታ ዝበደልናያ ሕማቕ ነገር ጠቒሰን፡ እታ እትግበኣና ናይ ተግሳጽ መቕጻዕቲ ይህባና። ምናልባት ቁሩብ ፍልይ ዝበለ ዝቡቕ ግብሪ ክንገብር ርእየናና እንተ ነይረን ድማ፡ በታ ዝነበርናያ ጽብቕቲ ነገር እናኣመገሳ፡ ከም መተባብዒ. እታ ናይ ሞቓሸሽ መጋር፡ ቁሩብ ኣዚይድ ኣብለን ይልሕምጣልና።

ይዝከረኒ ኣዴታትና፡ "እንዳ መሳ'ኳ ዋላ ፈውሲ. ሞት እውን ይህልዎም ይኸውን እዩ!" ይብላ ነይረን። ብፍላይ በታ ኩልና ተቐማጦ ናይ'ቲ "ማእከላይ ሰፈር" ዝበሃል ገዛውትና - ዝደለናዮ ነገር ከም ዓቕምና ክንገዝኣላ እንኽእል ዝነበርና ደኳን እንዳ መሳ ኢብራሂም ከዕልላ እንከለዋ።

ሓቀን ድማ እየን ዝበራ። ምኽንያቱስ፡ ንገሆ ናይ ዓሰርተ ሓሙሽተ ሳንቲም ሽኮር፡ ናይ ሓሙሽተ ሳንቲም ቀጠፍ ገዚእካ በራድ ምሉእ ሻሂ ኣፍሊሕካ ስድራቤት ምሉእ እንተቐረሸካ፡ ቀትሪ ናይ ዓሰርተ ሓሙሽተ ሳንቲም ዘይቲ፡ ኻይ ዓሰርተ ሳንቲም ኮሚደረ-ሽንርቲ፡ ናይ ሕርኻም ሽሮ ገዚእካ እንተ ተማሲሕካ፡ ምሸት ድማ ናይ ሕርኻም ትምትሞ ሰሪሕካ ከብድኻ ግጥም ኣቢልካ እንተ ሓደርካ - ካብኡ ዝዓቢ. ፈውሲ. ሞት ኣበይ ነይሩ ክኸውን ኢሉ።

ኣብ'ዚ. እዋን እዚ. እውን፡ እንዳ ተወሊደ ዝበልዎ፡ ዋላ ፈውሲ. ሞት'ውን ዘይሰኣና ደኳን ኣላ ኣብቲ ኣብኢና። ብዓሰርተ ናቕፋ ስድራቤት ምሉእ ዘምስሕ ኣስቤዛኻ ክትገብረላ እትኽእል - ከምተን ናይ ቀደም ደኳኹን ዝዓይነታ ደኳን።

ካብኡ፡ ዓቢ.ኻ ንእሽቶኻ፡ በዓል ሓዳርካ ኔጨብረርካ ኩልኻ ብበታ ዘላትካ ዓቕሚ ብናይ ኣቓርሽ ዋጋ፡ ብርሽኑ፡ በርበረ፡ ሽሮ፡ ሕልበት፡ ዘይቲ፡ ኮሚደረ፡ ሽንርቲ፡ እታ ቃሕ ዝበለትካ ዓይነት ኣስቤዛ ገዚእካ ከብድኻ ትዕንግል። መለሰካ ድማ፡ ናይ ሓሙሽተ ናቕፋ ቡን፡ ናይ ክልተ ናቕፋ ሽኮር፡ ናይ ክልተ ናቕፋ ዕንባባ፡ ናይ ሓንቲ ናቕፋ ዕጣን ገዚእካ ብዓሰርተ ናቕፋ ጥራይ ገዛውቲ ምሉእ ሃዘን እትብል ብዕጣንን ብዕንባብን ዝተዓጀበት ቡንካ ኣፍሊሕካ እንተሰቲኻ፡ በዩንዲኣ ኣቢላ እያ'ሞ ሞት ክትመጽኣካ።

መዓስ እዚ. ጥራይ፡ ዋላ እዘን ፈቓድኡ ማርሻብቤዲታት ኮፍ ኢለን ኮሚደረ፡ ሽንርቲ፡ ጉዑ፡ ለሚን፡ ሰላጣ፡ ሓምሊ. ቀስጣ፡ ሓምሊ. ኣድሪ ገሉ መለ ዝሸጣ ኣሓትናን ኣዴታትናን እንዶ ንርኣየን። በትን ስራሐን ህይወተን ይመርሓ፡ በትን ነቲ ትሑት ዝዓቕሙ ደረጃ ሕብረተሰብ ቤታ ዘላቶ ከም ዓቕሙ እናገዝአ ንኽዕንገል ስለ ዘኽእላ፡ ንሳተን እውን ፈውሲ. ሞት ዝሸየጠለን ናይ ጉደናታት ደኳኩን እየን።

ብኣንጻር እዚ. ግዳ፡ ገለ ሰብ ደኳኩን ኣለዉ. - ዋጋ ኣስቤዛኦም ኣዝዩ ብምኽባሩ፡ ሳንጣ ምሉእ ገንዘብ ሒዝካ ኣቲኻዮም ሳንጣ ዘይትመልእ ኣስቤዛ ሂቦም ዘፋንዉኻ። ይትረፍዶ እቶም ውሑድ ዝዓቕሞም፡ ዋላ'ቶም ደሓን ዝኾነ ዓቕሚ ዘለዎ'ውን ደስ ኢሉካ ከም እትእንገድ ዘይገብሩ ኣለዉ።

ካብ'ዚኦም ዝሕሹ ዲ'ኻ ክትብሎም ካብ'ዚኣቶም ዝኸፍኡ፡ 'የለን' ክብሉ ንኸውዕሉ ኢሎም ዝወፍሩ ዝመስሉ ድማ ኣለዉ። "ከም'ዚዶ ኣለኩም?" እንተበልካዮም፡

"የለን!"

ትፀሚ'ኸ?

"የብልናን!" በሰ ብዩብልናን ኣብ ዓዲ. ምሉእ ጥር እትብል ኣስቤዛ ዘየላ ኮይኑ ክሳብ ዝሰማዓካ ዝጉብሩኻ።

ኣነ'ኳ ሓቂ ትሓይሽ፡ "ዝይእስተውዕልሉ ደኣ ንኸውን እምበር፡ ሓንሳብ ሓንሳብስ፡ እታ 'የለን' እትብል ቃል ስለዘተለምድሉዮም ጥራይ፡ ዋላ ከይተሓተትካዮም እውን 'የለን' ይብሉ ይኾኑ እዮም ኢለ እየ ዝሓስብ። ሃዊሕ እዋን ይጉብር፡ 'ዘየረጋግጽኪ...' ኢለ ናብ ሓደ እንዳ የለን ኣትየ፡ ዋላ ሓደ ከይሓተትኩ ደው ኢለ ጥራይ ነቲ ዋና እንዳ የለን ዓይኒ ዓይኑ ጠሚተዮ። "የለን" ኢሉኒ።

ተገምጠሉ፡ "እንታይ?" ኢለ ሓቲተዮ። ሽዑ ኣነ በዓል ደኳን ንሱ ዓዒ መሰልና። ደንገርገር ኢልዎ "እ...?" ኢሉኒ።

"የለን ዲ'ኻ ዝበልካኒ ሓቀይ?" ሓቲተዮ።

"እወ!"

"... እንታይ እዩ እቲ ዘየለ?"

"እንታይ ዲ'ኻ ደሊ'ኻ?"

"ዋላ ሓደ!"

"ዋላ ሓደ እንድሕር ዘይደለኻ ደኣ ስለምንታይ ኣቲ'ኻ?" ሕቶኡ ቀጸሉ ወዮ እቲ ገዚኡ እንዳ 'የለን' ምዃኑን ዋላ ሓደ ነገር ንዘይትረክብ ከም ዝኣቶን ዘንገዕዎ። ኣይመለስኩሉን፡ ትም ኢለ ንዓኡ ምጥማተይ ቀጸልኩ።

መለሱ ሕርቕ ኢሉ፡ "እሞ ዋላ ሓደ እንድሕር ዘይደለኻሲ. ከድ ውጻእ እምበር እንዳ ሸትሪና ዲና ደኣ ኣብ'ዚ. ተገዚርካ ቁሊሕሊሕ ትብለልና?" ዳርጋ ኢዱ ክቕድሞ ደልዩ።

"እንዳ ሸትሪናስ ኣይኮንኩምን።"

ኣፍራሒኒ ደዩ ኣስጊኡኒ ህድእ ኢለ መለሰሉ።

"እንዳ ምንታይ ደኣ!?"

"እንዳ የለን ምኳንኩም ከረጋግጽ ደልየ እየ።" እትብል'ያ ዝነበረት እታ ቅንዕቲ መልሲ፡ ክብሎ እውን ሓሲበ ነይረ። እንተኾነ፡ ሰግኣትን ፍርሕን ስለዝወረረኒ፡ ከምኡ ኣይበልኩዎን ትም ኢለ ወጺአ። ከምኡ ዘበልኩዎን ኣይበረንን ደሓር ክርእዮ ከለኹ። ምኽንያቱስ 'እንዳ የለን' ምዃኑ ንምርግጋጽ እንድያ ነይራ እታ ናብኡ መእተዊተይ ዕላማ፡ ኣረጋጊጸያ እየ'ኮ።

ንዓይ ዝገርመኒ ግን "የለን!" እናበልካ ካብ ምውዓል ዝርከብ ትርፊ ዘየለስ፡ እዛም ወሰንቲ ከምዝኾኑ "እንዳ የለን" ዝኣመሰላ ገሉ-ገለ ደኳኩን ስለምንታይ፡ "የለን!" ንኽብሉ ኢሎም ከም ዝወፍሩ እዩ።

## ዝሓሰብካዮ ስራሕ ንምስራሕ . . .

ስምዑ እንዶ! ፍሽለታት ኣጋጢምኩም ይፈልጥዶ? ሓቂ እንተደኣ ክትዛረቡ ኮይንኩም፡ "የጉዲ. እምበር!" ትብሉ ትህልዉ። ምኽንያቱስ ኩሉ መዓስ ይኸውነልካ ኮይኑ።

ዝሓሰብናዮ ነገር ዘይክሰልጠና ይኽእል እንድዩ ሓቀይ? ግን ከኣስ ምስ ምንታይ ብዘተኣሓሓዘ ምኽንያት? ከም'ዚ. ከማይ እንተ ኾይንኩም፡ ዝጠዝሕ ግዜ ፍሽለት እንተ ኣጋጢሙኒ፡ 'ሓሸካ ደምበ ናብ ዝለምለመሉ!' ዝዓይነቱ "ብሰርኺ. እኳ እዩ እዚ!" ንኡር-ዓይኒ። "ንሽኪ. ከም'ዚ. እንተ ዘይትገብሪ. እካ!" መለሰካ ንፍረወይኒ።

ዝሕል ምስ በልካ ድሕሪ ቁሩብ፡ ኣብ ከውንነት ኣቲኻ ንጠንቂ እቲ ፍሽለት ክትፍትሽ እንተ ፈቲንካ ግን፡ ጠንቂ ናይ'ቲ ፍሽለት፡ እቲ ቀንዲ መቕርብካ ኮይኑ ይጸንሓካ። ንስኻ ባዕልኻ፡ ማለትሲ. ካብ ገዛእ ርእሰኻ ዝቐርብ ካልእ መቕርብ መን ኣሎካ?

"ልብን ሳዕርን እናሓደረ ይብቁል" ከም ዝበሃል፡ ድሕሪ ደኣለይ እምበር፡ ኣብ'ዚ. ሕጂ ፍሽለት እንተ ኣጋጢሙካ፡ ናብ ነብሰይ ቁሊሕ ናይ ምባል ኣመል ኣማዕቢለ። እቲ ጠንቂ ፍሽለተይ ድማ፡ 'ንግዜይ ብግቡእ ብዘይ ምጥቃመይ' ኮይኑ እጸንሓኒ። ምናልባት ነቲ ንግዜይ ብግቡእ ናይ ዘይ ምውዳን ጸገመይ ገለ መፍትሒ. እንተረኸበሉ፡ ብዛዕባ ኣጠቓቕማ ግዜ ሓደ ሓደ ጽሑፋት ከኮናጽል ጀሚረ።

መቸም ብዛዕባ ኣገዳስነት ኣጠቓቕማን ግዜ ዘይተሰምዐ ደኣ'ምበር ዘይተባህለ የለን እንድዩ - ገለ ካብ'ቲ ኣነ ዝረኸብኩዎ ንግዜኻ ብግቡእ ናይ ምጥቃም ዕዙዝነትን ኣገዳስነትን እዚ. ዝስዕብ ከቕርበልኩም።

"ግዜ፡ እቲ ዝኸበረ. ባጤራ ናይ'ዚ. ዘለናዮ መበል 21 ክፍለ ዘመን እዩ።" ይብል እቲ ዝፍንጸልኩዎ ናይ ሰብ ሞያ ጽሑፋት። "ኩሉ ሰብ፡ ኣብ ዝለዓለ ሃወኽን ቅልጣፈን ኣብ ዝርከበሉ ኣብ'ዚ. ሕጂ እዋን፡ ሰብ ሎሚ ንስራሕ ዝኸውን እምበር፡ ንመጻብዩን ንኽልን ዝኸውን ዓቕሊ. የብሉን። ዓማዊል ብቐዓቱን ኣሳልጦኡን ፍልይ ዝበለ ኣገልግሎት ደኣ ደርከብ'ምበር፡ ናይ ዕድጊ. ቦታታት ንምቕያር ድሕር ኣይብሉን እዮም። ስለዚ፡ ኣብ ስራሕካ ብለጽን ቅልጡፍን ናይ ምኳን ባህሪ ኣማዕብል። ስራሕካ ክሸየጠልካ እንተደሊ'ኻ ኣብ ቅልጣፈ. እመን፡ ቅልጣፈ. ኣዘውትር።

ኣስተብህል እንዶ! ብቕልጣፈ. ኣገልግሎት፡ ንዘይመሳጠካ ኣሳዩ መቐሸሸ ትገድፈሉ ዲ'ኻ? ብኣቕርቦት ንዘየሐገሰካ ውዓል ኣገልግሎትካ ዳግማይ ትምለሶ ዲ'ኻ? ብሓጺሩ ዕግበት ዝረኸበ ተገልጋሊ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ግቡእ ክፍሊቱ ተወሳኺ. ዋጋ/ገንዘብ ናይ ጸቡቕ ኣገልግሎት ወይ ምስጋና ከይዛበ ኣይከይድን እዩ።

ኣሳልጦ፡ ደድሕሪ'ቲ ንግዜኡ ብግቡእ ዝጥቀመሉ ሰሉጥ ሰብ'ያ እትጎዩ። ንስኻ ኣብ ቅልጣፈን ጸፈፋን ኣድሂብካ እንተደኣ ሰሪሕካ፡ እታ ኣሳልጦ ብኣካል - ከም'ታ ንምርኣያ ደስ እተብል ዕየት ደድሕሬኻ ዘብዘብ ክትብል እያ።

ዝሓሰብካዮ ስራሕ ብፍጥነት እንተ ዘይሰሪሕካዮ፡ ብፍጥነት ናይ ካልኦት ክትቕደም ኢኻ። ከምቲ "እቲ ንስኻ ንጽባሕ ዘሰጋገርካዮ ስራሕ፡ ኣብ ሎሚ ኮይኑ ዝጸዮ ካልእ ሰብ ኣሎ። ንሱ ከኣ'ዩ ቅድሜኻ ዝዕወት" ዝተባህለ፡ ዝሓሰብካዮ ስራሕ ንምጅማር ግዜ ኣይትወሰድ። ዝሓሰብካዮ ዓቢ. መደብ፡ ሰኣን ቅልጣፈ. ብኻልኦት ሰብት ምእንቲ ከይትምንጠል፡ በጃኻ ቀልጥፍ!!

ነቲ ክትሰርሖ ኢልካ ዝሓሰብካዮ ስራሕ፡ ቀልጥፍ ሕጂ ሕጂ ጀምሮ። ምስ ጀመርካዮ እውን ብቕልጣፈ. ስርሓሉን ኣገልግለሉን። ብዓማዊልካ ኮነ ብናይ ስራሕ ሓለፍትኻ ዝወሃበካ ስራሕ ንምፍጻም፡ ግዜ ኣይትወሰድ። ንሽኻ ክሰርሓልካ ንዝደለኻዮ እውን ነቲ "እዝስ ቅሉጢፍ'ዩ!" ኢልካ እትኣምነሉ ሰብ ጥራይ ሃብ፡ ቅልጡፍ ሰብ - ዝሰርሖ ዘበለ ኩሉ ስለ ዝሰልጦ።

ንዘወጠንካዮ ስራሕ ቀዳምነት ሂብካ ብቕልጡፍ ምስራሕ፡ ማእለያ ዘይብሉም ናይ ኣሳልጦ በረታት የርሕወ። ብስራሕ ናይ ምዕዋት መሳል ከኣ፡ ብዘይ ጥርጥር ናይ'ቶም ቅልጡፋት ሰባት ጥራሕ እዩ። እንተ ነጢፍካን እንተ ቀልጢፍካን ጥራይ ኢኻ ዝሓሰብካዮ ብግቡእ እትፍጽሞ። ስለዝስ፡ ኣብ ኩሉ ነገር ቀልጥፍ። ገለ ነገር ክትጉብር ምሽ ሓሲብካ ኣለኻ ሓቀይ!? ተንቀሳቐስ እብ'ሞ - ቀልጥፍ. . . !!

ኩሉ ነገር ብምንቅስቓስ እዩ ዝፍጠር። ስለዝስ ተንቀሳቐስ። ከም'ቲ ኣልበርት ኣንስታይን ዝበሎ'ዩ - "ቅልጡፍ ምንቅስቓስ እንተዘየሉ፡ ዋላ ሓደ ዝሰርሕ ነገር የለን።"

ዶ/ር ዋይን ዳየር ዝተባህለ ካልእ በዓል ሞያ እውን "ቅልጡፍ ምንቅስቓስ ንድኹም ምንቅስቓስ ይውሕጦ" ኢሉ ኣሎ - ካብ ስነፍልጠታዊ ጭብጢ. ተበጊሱ። ብቕልጡፍ ስራሕካ ብዘይ ዓወት ክትተርፍ ከኣ፡ ኣንጻር ስነፍልጠታዊ ከውንነት እዩ።

ሓይሊ. ኣሳልጦኻ፡ ብመጠን'ቲ ዘወት ነገር ምሕሳብካ ዘይኻሉ፡ እቲ ዝሓሰብካዮ ዘወት ነገር ንምትግባሩ ኣብ ምቕልጣፍካ እዩ ዝውሰን።

ነቲ ክትዓሞ ወጢንካ ዘለኻ ስራሕ፡ ክትቀጻጸሮ ብእትኽእለሉ መንገዲ ከየጻፋሕካ ኣድሂብ ኣብልካ ሓዞ። ብዙሕ ናይ ሰዓታት ምጉታት ብዘይብሉ፡ ጸፋፍ ኣብ ዝበለ ግዜ ምእንቲ ክትዕወተሉ። ካብ ንምጅማሩ ልዕሊ. ህልው ዓቕምኻ ዝኾነ ናይ ስራሕ ሓሳብ ምሕሳብ እሞ፡ ደሓር ንምጅማሩ በርቲዑካ ኣብ ምጅማሩ ብምድንጓይካ ካብ ምፍሻል፡ ንምጅማሩ ዘይጸግመካ ንእሽቶ - ግን ከኣ ጸፋፍ ዝበለ ስራሕ ምስራሕ ብዕጹፍታት ይምረጽ። የርብሕ ከኣ።

ንብልሒ. ቅልጣፈ'ኻ ጸጺሕካ ሱሓሉ። እቲ ምንታይሲ. ኣብ ቅልጣፈ. ዘሎካ ተበግሶ እዩ ንናይ ምዕዋትን ዘይምዕዋትን ተኽእሎ'ኻ ዝውሰኖ።

ናህሩ እናወሰኸ ዝኸይድ ናይ ስራሕ ቅልጣፈ፡ 'ብሓይሊ. ስሕበት ናይ ቅልጣፈ.' ንጽንዓት ፈንጢሱ፡ ንኣሳልጦኻ ዝኾነ ይኹን ማሰናኽል ከሰናኽሎ ኣብ ዘይክእል ብራኽ የቐምጦ። እንታይ ግድ'ኻ! ሽዑ ጸገም የለን። እምበርከ ኣልጢፍካ ናብ ጥርዚ. ቅልጣፈ. ምድያብ ዘይጸገመካዶ፡ ሓንሳብ ብሓይሊ. ቅልጣፈ. ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርካ ንዘውዓልካዮ ኣሳልጦ ስራሕ ምውሓሱ ከጸግመካ ኢሉ?

ቅልጣፈ. ትብዓት እዩ ዝሓትት ኣታ ሰብ እሽ። ትብዓት ድማ ብቕልጣፈ. ይግለጽ። ትብዓትካ ብመግዚ. ቅልጣፈ. እንተ ዘይተዓየሩ፡ ወጽኢቱ ኣጠራጣሪ ይኸውን። ጸላኢና ዘጠራጥር ስራሕ ይሰርሕ።

እዛ ሒዝካያ ዘለኻ ደቒቕ ጥራይ እያ እታ ኣፍኻ መሊእኻ፡ "ናተይ እያ...!" ክትብላ እትኽእል - ሮጂደና ግዜኻ። እንተተኻሲ ሕጂ'ውን "እዛ ሒዝካያ ዘለኹ ደቒቕ እዚኣ ናተይ ምኽና ኣፈይ መሊአ ክዛረባ ኣለኒ።" ክትብል ደኣ'ምበር ንዓኣ'ውን ብላሽ ኣብ ዘረባ ኣይተሕልፋ።

ንሎሚ ብዘለካ ዓቕሚ ስርሓሉ፡ ኣብ'ዛ ደቒቕ እዚኣ ክትገብሮ እትኽእል ዘበለ ኩሉ፡ ሓንቲ ካለኢት'ውን ከየጥፋእካ ሕጂ ሕጂ ግበሮ። ብዘጠንከርካዮ ናይ ስራሕ ሓሳብካ ቁልጡፍ ዕጋበት ንኽትረክብ፡ ብቕልጡፍ ናይ ምስራሕ ባህሪ ኣማዕብል።

ኣብ ግዜ ዘሎካ ኣኽብሮት ብስራሕ እዩ ዝገለጽ'ሞ፡ ነዛ ብዙሓት ሃረር እናበልዋ ክሰዓም - ግን ከኣ ዘኸብርዋ ግዜ እዚኣ፡ ንዓኻ ግን ተዋሂባትካ ስለ ዘላ፡ ሓገሶካን ኣደናቕትኻን ንኽትገልጸላ፡ ንመዘከርታኣ ዝኸውን ብስም ገለ ነገር ስርሓላ። ንሳ እታ ኣኽብሮትካ ብስራሕ እትገልጸላ ዘለኻ ደቒቕ ብወግዒ ንስለ ብኣኣ ምጉዳኣ፡ ውዕውዕ ተጉዳስነታ ብዘሐገስ ኣሳልጦኣ ክትገልጸልካ እያ።

ነዛ ግዜ እዚኣ፡ እወ ነዛ ሕጂ ምሳኻ ኣብ ኣደካ ዘላ ደቒቕ እዚኣ፡ ከም ናይ መወዳእታ ግዜኻ ገይርካ ናይ ሓይሊ. ኣሞኻ ስርሓላ። ሓይሊ. ትኹረት ተበጊሱ ኣብ ውሁብ ግዜ፡ ሓደን ቀንደን ካብ'ቲ ዓበይቲ ሓይልታት ናይ ኣሳልጦ ስለዝኾነ፡ ነዛ ናይ ሕጂ ውሁብቲ ክዜኻ ገለ ነገር ከዋጽእ ዝኽእል ሓይሊ. ትኩር ተበግሶኻ ኣይትንፈጋ . . . ወዘተረፈ. ብዙሕ'ዩ እቲ ኣገዳስነት ንግዜኻ ብግቡእ ናይ ምጥቃም ዝርዝር።

"እቲ ምዕዶ'ኳ እንታይ ከወጽእ፡ ኣብ ባይታ ግን ይከኣል ደዩ?" ኣነ ዝበልኩዎ ድማ፡

ብዘሻ ". . . ንኽእሎ ይግበረና!" ምባል ዝሓሸ ኮይኑ እስመዓኒ። ምኽንያቱስ፡ መን ይፈልጥ ዋላ እቲ ቁሩብ ቁሩብ እኳ እንተኸኣልናዮ።

# ስፖርት

ተስፋልደት መብራህቱ

## ስኒትን ሰላምን ሻምፕዮን ኩዕሶ መርበብ ኮይነን

ሻምፕዮን ካልኣይ ዲቪዥዮን ጋንታታት ኩዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል ብረቡዕ 26 ሓምለ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ሜዳ ቦቺዮፊላ ኣስመራ ብወግዒ ተዛዚሙ። እቲ ግጥም፡ ኣባላት ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ መርበብ ኤርትራ፡ ሓለፍቲ ክፍሊ ባህሊ፡ ስፖርትን ጥዕናን ንኡሳን ዞባታት ዞባ ማእከል፡ ኣፍቀርቲ ስፖርትን ብርክት ዝበሉ ስፖርታውያንን ኣብ ዝተረኽብሉ እዩ ብውዕዉዕ ስፖርታዊ መንፈስ ተዛዚሙ።

ኣብዚ ዕለት ፈለማ ጸወታ ዘየዳ ጋንታታት ደቂ-ኣንስትዮ እየን ነይረን። ኣብዚ ናይ ሻምፕዮን ውድድር ዝኾነ ስዕረት ከይቀመሳት ንፍጻመ ዝበጽሓት ስኒት፡ ምስ ኣስበሕ እያ ገጢማ። ተጻወትቲ ስኒት ከኣ ብዓብላሊ ውጽኢት 3-ብ0 ክዕወታ ክኢለን።

ስዒቡ ዝተራኸበ ጋንታታት ደቂ ተባዕትዮ ሰላምን ሕውነትን ክኾና እንከለዋ፡ እዘን ጋንታታት ብኣሰልጠንቲ ሂላል ሓምድን የዲት ፍትዊን እየን ዝእለያ። ተጻወትቲ እዘን ጋንታታት ኣብ ሓድሕዶም ንዊሕ ዝፋለጡ ብምኻናም ሰሓቢ ዝኾነ ጸወታ ክጸብርቑ እዩ ግምት ተዋዚቡሉ ነይሩ፡ ዋላኳ ኣብ ፈላመይቲ ክፍላተ ጸወታ ዝሑል ምንቅስቓስ እንተተራእዩ፡ ኣብ ዝሰዓበ ክፋላት እቲ ግጥም ግን ሚዛናዊ ኮይኑ እዩ ቀሪቡ። ሰላም ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ዙርያ ናይዚ ውድድር ዝኾነ ስዕረት ከየመዝገበት'ያ ናብዚ ናይ ፍጻመ ጸወታ በጺሓ። ልክዕ ከምቲ ተጻወትቲ ጋንታ ሰላም ዝያዳ ክዕብሉ ከም ዝኽእሉ ግምት ዝተዋህቦ ከኣ ኣብ ቀዳመይትን ካልኣይትን ክፍላተ ጸወታ ከይተሸገሩ'ዮም ወዲኦሞ። ኣብ ሳልሰይቲ ክፍላተ ጸወታ ግን ሕውነት ተመሓይሻ ብምቕራብ ንጸወታ ናብ 2-ብ1 ቀየረቶ።

ኣብ ራብዐይቲ ሴት ግን ተጻወትቲ ሰላም ሓያል መጥቃዕትታት ብምውሓዝ ኣብ ልዕሊ እታ ኣብ ዝሓለፈ ግጥማት ልዑል ብቕዓት ኣንጸባሪቓ ናብ መዛዘሚ ዝበጽሐት ሕውነት 3-ብ1 ክዕወቱ ክኢሎም። በዚ ከኣ ሰላም ዘውዲ ሻምፕዮን ደፊኣ።

ኣብ መዛዘሚ ናይቲ ውድድር፡ ፕረዚደንት ፌደረሽን ኩዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል መምህር ብርሃ ገብረእግዚኣብሄር ንመሻርኽቲ ኣካላት ድሕሪ ምምስጋን፡ እቲ ኣብ ዞባ ማእከል ንዊሕ ዓመታት ተቛሪጹ ዝጸንሐ ውድድር ጋንታታት ካልኣይ ዲቪዥዮን ብመንገዲ ግራስ ሩት ብዘተመልመሉ ተጻወትቲ ምብርኻ ኣወንታዊ ውጽኢት ከም ዝተረኽቦ ኣብሪሁ።



መምህር ብርሃ ኣብ መወዳእታ፡ ዚ ውድድር ብዘለዓለ ስፖርታዊ ምትህልላኽ ንኽካየድ ልዑል ኣስተዋጽኦ ንዝገበሩ መምህራንን ኣሰልጠንትን ብፍሉይ ሞጊሱ።

ቀዳሞት ሰለስተ ዕዉታት ጋንታታት ብደቂ ኣንስትዮ ሴት፡ ኣስበሕን ደማበ ሰምባልን፡ ብደቂ ተባዕትዮ ከኣ ሰላም፡ ሕውነትን ዓወትን ብምኻን ዝተዳለወለን ናይ ዋንጫ፡ መዳልያን ከዓስሉን ሽልማት ክቕበላ እንከለዋ፡ ብሉጽ ብቕዓት ዝርኣዩ ተጻወትቲ'ውን ፍሉይ መተባብዒ ተዋሂቡ። ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ፈሽን ሃይለ ካብ ጋንታ ሴት ብልጽቲ ኣቕባሊት ክትከውን ከሎ፡ ሚሊና ተስፋይን ሊድያ ሱልጣንን ከኣ ብሉጻት ተጻወትቲ ተባሂለን። ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ሰርገል ሃብተማርያም ካብ ጋንታ ሕውነት ብሉጽ ኣቕባሊ ክበሃል ከሎ፡ ኒምሮድ በየነ ካብ ዓወት ብሉጽ ተኸላኻሊ፡ ፓፒያስ ክብሮም ካብ ዓወት ብሉጽ ዓጋታዪ፡ ቤንሁር ጸወለብ ካብ ሰላም ከኣ ብሉጽ ሃራማይ ኮይኖም ተሸሊሞም። ብዘይካ'ዚ ንኣሰልጠንቲ፡ ደያኑን መሻርኽቲ ኣካላትን'ውን ናይ ምስክር ወረቐት ተዓዲሉ።

## ውድድራት ሻምፕዮን ደቂ-ኣንስትዮ ይቕጽል ድያና እስቲፋኖስ ሃትሪክ ሰሪሓ

ውድድራት ሻምፕዮን ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ ዞባ ማእከል ብረቡዕ 26 ሓምለ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ብሰለስተ ውድድራት ቀጺሉ ከም ዝወዓለ፡ ህዝባዊ ርክባት ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ሓቢሩ።

ኣብዚ ዕለት ፈለማ ግጥማተን ዘየዳ ኩብንያ ሰገንን በሪኽን እየን። በሪኽ ድማ ኣብ ቀዳሞት ዓሰርተ ደቓይቕ ካብ ጫና ሙልጌታ ብዘረኸበቶ ሾቶ መሪሕነት ሒዛ። ተጻወትቲ ኩብንያ ሰገን ኑታ ኣዘንጊዒት ሾቶ ንምምላስ ኣብ ዝገበርኦ ሓያል ጻዕሪ ኣብ ማእከል 23 ደቓይቕ ብመንገዲ ደሊ ኣውሪልዮ እተመዛረርያን ሾቶ ኣመዝገባ። እዘን ተጻወትቲ በዘ ዘመዝገብኦ ሾቶ ኣይተዓግታን። ድሕሪ ዓሰርተ ደቓይቕ ካብ ጫና ዑቕባይ ብዘረኸብኦ ሾቶ ንዕረፍቲ 2-ብ1 መሪሐን ወጺአን።

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ፡ ኩብንያ ሰገን ደጊማ ካብ ጫና ዑቕባይ ሳልሰይቲ ሾቶ ብምርካብ ነቲ ግጥም 3-ብ1 ክትዛዝሞ ክኢላ። ኣብዚ ግጥም፡ እታ ንጋንታኣ ክልተ ሾቶታት ኣመዝጊባ ዘዐወተት ጫና ዑቕባይ እያ ብልጽቲ ተጻዋቲት ኮይና ተሸሊማ።

ቀጺለን ሰዓት 2፡00 ድሕሪ ቀትሪ ዝገጠማ ሰምባል ምስ ጎዳይፍ እየን። ጸወታ ምስ ተጀመረ ኣብ ሻውዓይ ደቒቕ ተጻዋቲት ጎዳይፍ ዳናይት መሓሪ ናብ ገዛእ ልዳታ ብዘመዝገበታ ሾቶ፡ ንሰምባል 1-ብ0 መሪሕነት ኣትሒዛታ። ጎዳይፍ ዝተመዝገበ ሾቶ ንምምላስ ብዝገበረቶ ጻዕሪ ሉልያ ሰመረ ኣብ ማእከል17 ከምኡ'ውን ኣብ ማእከል 31 ደቓይቕ ክልተ ሾቶታት ብምምዝጋብ ንጋንታኣ ናይ 2-ብ1 መሪሕነት ብምትሓዝ ንዕረፍቲ ኣምሪሖ።

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ፡ ካብ ፈተነ ሓሊፉ ዝተመዝገበ ሾቶ ኣይነበረን። ብናይ ቅድሚ ዕረፍቲ ውጽኢት 2-ብ1 ድማ ጎዳይፍ ተዓዋቲት ናይቲ ግጥም ኮይና። ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይ'ዚ ግጥም ዝተሰምየት ሉልያ ሰመረ ካብ ጎዳይፍ እያ።

ናይዚ ዕለት ሳልሳይ ጸወታ ሰዓት 4፡00 ድሕሪ ቀትሪ'ዩ ኣብ መንጎ ደንደንን ገጀረትን ተኻይዱ። እዘን ክልተ ጋንታታት፡ ሓያል ተወዳዳርነት ዘበርዐ መሳጢን ቅልጡፍን ጸወታ እየን ኣካይደን። ከም ውጽኢቱ ከኣ ሾቶ ክምዝገብ ግዜ ኣይወሰደን። ደንደን ጌና ኣብ ሻዱሻይ ደቒቕ ናይቲ ግጥም'ያ ካብ ፍቓዱ ጉዓም ብዘመዝገበታ ሾቶ መሪሕነት ሒዛ። ተጻወትቲ ደንደን በዚ ቅልጥፍቲ ሾቶ ደው ኣይበላን። ኣብ ማእከል 34 ደቒቕ ከምኡ'ውን ማእከል 45 ደቒቕ ካብ ድያና እስቲፋኖስ፡ ኣብ ማእከል 37 ደቒቕ ከኣ ካብ ዳናይት ሰለሙን ሰለስተ ሾቶታት ብምውሳኽ ንዕረፍቲ ብገፊሕ 4-ብ0 መሪሐን እየን ወጺአን።

ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ ድማ፡ ተጻወትቲ ደንደን ናብ ልዕሊ ገጀረት ተጸገዐን ኣብ ዘጥቅዓሉ ዝበረ፡ ሓላዊት ልዳት ገጀረት የሳን ካሕሳይ ንዘተቐልዐታ ኩዕሶ ከተውጽእ ክትብል ናብ ገዛእ ልዳታ ሾቶ ኣመዝገበት። ደንደን 5-ብ0 መሪሕነታ ኣደልደለት። ተጻወትቲ ገጀረት ብዘበርኣ ጻዕሪ ኣብ ማእከል 73 ደቒቕ ካብ ሓሊማ ዓብደላ ወርወር ሃሪማ ዝተመልሰት ኩዕሶ ናብ ሾቶ ቀየራኣ። ውጽኢት ድማ 5-ብ1 ኮይኑ ቀጺሉ። ተጻወትቲ ገጀረት ሓያል ቅልስ እኳ እንተኻየዱ ንተጻወትቲ ደንደን ግን ክሕዝአን ኣይከኣላን። ደንደን ኣብ ማእከል 75 ደቒቕ ከምኡ'ውን ኣብ ማእከል 90 ደቒቕ ካብ ደሊና ሳህለን ድያና እስቲፋኖስን ክልተ ሾቶታት ብምውሳኽ፡ እቲ ግጥም ብዓወት ደንደን 7-ብ1 ተዛዚሙ። ኣብዚ ግጥም ተጻዋቲት ደንደን ፍቓዱ ጉዓም እያ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተባሂላ ተሸሊማ።



ኣብ መንጎ ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ኣንስትዮ ዞባ ማእከል ዝካየድ ዘሎ ናይ ሻምፕዮን ውድድር፡ ሎሚ ቀዳም'ውን ቀጺሉ ከም ዝውዕል ካብ ቤት ጽሕፈት ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የረድእ። ብመሰረት እቲ ወጺኡ ዘሎ ናይ ጸወታ ሰሌዳ ሎሚ ኢንሹራንስ ምስ ሰምባል በሪኽ ምስ ገጀረት ደንደን ድማ ምስ ኩብንያ ሰገን ግጥማተን ክካይዳ እየን።

## ሄንደርሰን ናብ ኣል-ኢትፋቕ ተጸንቢሩ

ሓለቓ ጋንታ ሊቨርፑል ጆርዳን ሄንደርሰን፡ ናብ ስዑዳዊት ክለብ ኣል ኢትፋቕ ከም ዝተጸንበረ ወማዒ መርበብ ሓበሬታ ኣንፊልድ ኣፍሊጡ። እዚ ወዲ 33 ዓመት ምኩር እንግሊዛዊ ተጻዋታይ ብ12 ሚልዮን ፓውንድ እዩ ናብ ስዑዲ ዓረብ ከይዱ ዘሎ። ሄንደርሰን ዛ ኣብ ውሽጢ 12 ዓመታት ጸዋእ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝን ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ኤውሮጳን ዘዕተረላ ክለቡ፡ ብቪድዮ እዩ እናነበዐ ተፋንዩዋ። ሊቨርፑል ብወገና፡ እቲ ተጻዋታይ ንዝሃቦ ኣገልግሎት ብምምስጋን ኣብ ቀጻሊ ጉዕዞኡ ሰናይ ምንዮታ ገሊጻትሉ ኣላ። ሄንደርሰን ኣብ ሰነ 2011 እዩ ብ20 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ሳንደርላንድ ናብ ሊቨርፑል ተጸንቢሩ ነይሩ። ንሱ ማሊያ ሊቨርፑል ወደዩ ኣብ ዝተጻወተለን 492 ጸወታታት 33 ሾቶታት ከመዝግብ ከሎ፡ 57 ድማ ሾቶ ዝኾና ኩዓሶ ከም ዝሰርሐ ሱዩት ኣንፊልድ የረድእ። ሄንደርሰን ኣብ ሊቨርፑል ሸውዓተ ዝተፈላለዩ ዋናጩ'ዩ ዓቲሩ።



ኣሰልጣኒ ሊቨርፑል ጀርመናዊ ጀርገን ክሎፕ ዋላኳ እቲ ውሳነ ከቢድ ምኻኑ እንተሓበረ ነቲ ተጻዋታይ ግን "ፍሉይ ክቡሪ ዘለዎ ሰብ" ክብል ገሊጽዎ ኣሎ። ምስ ስዑዳዊት ክለብ ኣል ኢትፋቕ ክሳብ 2026 ክጻወት ተሰማሚዑ ዘሎ ሄንደርሰን፡ ኣብዛ ጋንታ ምስ ናይ ቅድም ወዲ ጋንታኡ ዝነበረ ስቲቨን ጀራርድ ክራኸብ'ዩ። ኣሰልጣኒ ኣል ኢትፋቕ ዘሎ ጀራርድ፡ ኣብ ማስርሕ ምስጋር ሄንደርሰን መሪሕ ተራ ከም ተጻወተ'ዩ ዝገለጸ። ሄንደርሰን ዋላኳ ኣብዚ እዋን ምስ ሊቨርፑል ኣብ ጀርመን እንተሃለወ፡ ኣብዚ ቀረባ መዓልታት ግን ሕክምናዊ መርመራ ንምግባር ናብ ስዑዲ ዓረብ ክኸይድ ምኻኑ ተፈሊጡ ኣሎ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ካልእ ስዑዳዊት ክለብ ኣል ኢትሓድ፡ ንኣከፋፋሊ ሊቨርፑል ፋቢንሆ 40 ሚልዮን ፓውንድ ስለዓትሉ ከም ዘሎ ተገሊጹ። ኣል ኢትሓድ ኣቐዲማ'ውን ንከሪም በንዜማ፡ ንንጎሎ ካንተን ንጆታን ናብ መስርዓ ከም ዘጸንበረት ኣየርሳዕን። ናይ ቅድም ኣጥቃዓይ ሊቨርፑል ሮበርቶ ፊርሚኖ፡ ምስታ ንኤደዋርድ መንድን ርያድ ማሕረዝን ኣፈሪማ ዘላ ኣል ኣህሊ ከም ዝተጸንበረ ኣይርሳዕን።

## እንታይከ ይበሃል ኣሎ?

• እንግሊዛዊት ክለብ ማንቸስተር ዩናይትድ ንወዲ 20 ዓመት ኣጥቃዓይ ኣታላንታ ራስመስ ሆይሉንግ ብ50 ሚልዮን ዩሮ ንምፍራም ዶግማይ ዝርርብ ጀሚራ። ፈረንሳዊት ፒኤስጂ እውን ነዚ ተጻዋታይ ህጡር ማሪያ ብምሃብ ከተሰድዮ ትሓስብ ከም ዘላ'ዩ ዝሕበር።

• ዳይረክተር ስፖርት ኢጣልያዊት ክለብ ጁቬንቱስ ክርስትያኖ ጁንቶሊ፡ ብዛዕባ ማስርሕ ምስጋር ወዲ 30 ዓመት ኣጥቃዓይ ቸልሲ ሉካኩ ንምዝርራብ ናብ ለንደን ከም ዘምረሐ ደሎ ስፖርት ሓቢሩ። ቸልሲ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ናይ ቅድመ ምድላዋት ጸወታታት ኣብ ተካይደሉ ዘላ ግዜ፡ ሉካኩ ግን ኣብ ከተማ ለንደን'ዩ ኮፍ ኢሉ ዘሎ።

• ብሉጽ ፈረንሳዊ ተጻዋታይ ፒኤስጂ ኪልያን ምባፐ፡ ምስ ሰበስልጣን ስዑዳዊት ክለብ ኣል ሂላል ምዝርራብ ከም ዝኣንገደ ተፈሊጡ። እዚ ወዲ 24 ዓመት ተጻዋታይ፡ ንዓመታ ብናጻ ናብ ስጳኛዊት ሪያል ማድሪድ ክኸይድ ወጢኑ ከም ዘሎ'ዮም ቀረብቱ ዝሕብሩ።

• ቸልሲ ንኣርጀንቲናዊ ኣጥቃዓይ ፓውሎ ደይባላ ንምፍራም ክትጉብር ዝጸንሐት ጻዕሪ ከም ዘይሰለጣ ተሓቢሩ። ወዲ 29 ዓመት ደይባላ ምስ ሮማ ሓድሽ ውዕል ክፍርም ተቓሪቡ ብምህላዉ'ዩ ንጻውዒት እዛ እንግሊዛዊት ክለብ ነጺግዎ ዘሎ።




• ስዑዳዊት ክለብ ኣል ሂላል፡ ንኢጣልያዊ ኣከፋፋሊ ፒኤስጂ ማርኮ ቨራቲ ንምፍራም ተቓሪባ ከም ዘላ መርበብ ሓበሬታ ስካይ ስፖርት ኣፍሊጡ።

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## መራሒ ሰሜን ኮርያ፡ ምስ ሚ/ምክልኻል ሩስያ ተራኺቡ

መራሒ ሰሜን ኮርያ ኪም ጆንግ ኡን ምስ ሚኒስተር ምክልኻል ሩሲያ ሰርጌይ ሾይጉ ተራኺቦም ከም ዝዘተዩ ተገሊጹ።

ኪም ጆንግ ኡን ድሕሪ ዓለማዊ ለበዳ ኮቪድ-19 ንፈለማ እዋን ምስ ናይ ደገ በዓል-ስልጣን ክራኸብ እዚ ናይ ፈለማ ምዃኑ ዝጠቐሰ ጸብጻብ ዜና፡ ክልቲኦም መራሕቲ ኣብ ምክልኻልን ዞባዊ ጸጥታን ኣመልኪቶም ከምእተዘራረቡን ባለስቲካዊ ሚሳይላት ዘጠቓልል ምርኢት ኣጽዋር ከምእተዓዘቡን ኣገልግሎት ዜና ሰሜን ኮርያ (ኬይሲኤንኤይ) ሓቢሩ።

"እቲ ርክብ፡ ስትራተጂያውን ባህላውን ዝምድናታት ሰሜን ኮርያን ሩሲያን ዝያዳ ንምምዕባል ኣገዳሲ ኣጋጣሚ እዩ ነይሩ" ክብል ድማ እቲ ኣገልግሎት ዜና ወሲኹ ኣመልኪቱ።



ብዘይካዚ፡ ሰርጌይ ሾይጉ ካብ ፕረዚደንት ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን ንዝተላእከ መልእኽቲ እውን ንኪም ከምዘረከቦ ተገሊጹ።

ሰርጌይ ሾይጉ ናብ ፒዮንግያንግ ዝበጽሐ ዘሎ፡ ሰሜን ኮርያ መበል 70 ዓመት ናይቲ ካብ 1950 ክሳብ 1953 ዝተኻየደን ብዕዙያዊ ስምምዕ ምቁራጽ ተጻብኦ ዝተዛዘመን ኩናት ሓውሲ ደሴት ኮርያ ኣብ እተብዕለሉ ዘላ እዋን'ዩ።

ሩሲያን ቻይናን ምስ'ታ ጉዳይ ዝተፈላለዩ እጉዳታት ኣመራጋን መሻርኸታን ኮይና ዘላ ሰሜን ኮርያ፡ ድልዱል ዝምድና ካብ ዘለወን ሃገራት ዓለም ምዃነን ይፍለጥ።

ብተወሳኺ፡ 'ሰሜን ኮርያ ክልኩላት ኣጽዋር ካብ ምፍራይ ደው ኣይበለትን' ብዝብል ምስምስ ኣብ ልዕሊኣ ዝተነብሩ እገዳታት፡ መሊሶም ንክሽሩ ሃገራት ምዕራብ ኣብ ባይቶ ጸጥታ ዘቐረብኦ ጻዕርታት፡ ቻይናን ሩሲያን ናይ ቀውፊ መሰለን ተጠቒመን ክዕግታኦ ምጽናሐን ይዝከር።

## "ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ፡ ልዕሊ 1,800 ሽበራዊ መጥቃዕቲታት ተፈጺሙ" ኢኮዋስ

ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ፡ ኣብ ቀዳሞት ሽዱሽተ ኣዋርሕ ናይዚ ዓመት'ዚ ልዕሊ 1,800 ሽበራዊ መጥቃዕቲታት ከምእተፈጸሙ፡ ቁጠባዊ ውድብ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ (ኢኮዋስ) ገሊጹ።

በቲ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲታት፡ ሞት ናይ ኣስታት 4,600 ዜጋታት ከምዝሰዓበ ድማ እቲ ውድብ ወሲኹ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ኢኮዋስ ዑመር ቱረይ ንባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ብሰንኪ ኣብቲ ዞባ ብተደጋጋሚ ክፍጸም ዝጸንሐ መጥቃዕቲታት፡ ኣብ 15 ኣባል ሃገራት እቲ ቁጠባዊ ውድብ ብድምር ፍርቂ ሚልዮን ህዝቢ ከምእተሰደደን ኣስታት 6.2 ሚልዮን ድማ ከምእተመዛበለን ገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብቲ ዞባ ንዝርከቡ 30 ሚልዮን ሰባት ህጹጽ ሰብኣዊ ሓገዝ ከምዝድልዮም ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ካብ ኣህጉራውያን ትካላት ዝኸሳ ሓገዝ እንተዘይተበርኪቱ፡ ግን እቲ ኣሃዝ ክሳብ መወዳእታ ኣዝያ ናብ 42 ሚልዮን ክዕቢ ከምዝኽእል እቲ ፕረዚደንት ወሲኹ ኣጠንቂቑ።

እቲ ፕረዚደንት ኣብ መግለጺኡ ወሲኹ፡ ኣብቲ ከባቢ ብተደጋጋሚ ዝረኣዩ ዕጥቃዊ ግጭታት፡ ገበናት ዘይሕጋዊ ንጥፈታት ባሕርን ናይ ሓሶት ዜናን፡ ኣብቲ ዞባ ንዘሎ ዘይምርግጋእ መሊሶም የብእስዎ ከምዘለዉ ወሲኹ።

ኣብ ዝሓለፉ ሽዱሽተ ኣዋርሕ ጥራይ ኣብ ቡርኪናፋሶ 2,725፡ ኣብ ማሊ 844፡ ኣብ ኒጀር 77፡ ኣብ ናይጀርያ ድማ 70 ሽበራዊ መጥቃዕቲታት ከምእተፈጸሙ'ውን እቲ ፕረዚደንት ኣብ መግለጺኡ ኣረዲኡ።

ንሱ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ'ተን ኣብ ኣትላንቲካዊ ውቅያኖስ ገማግም ባሕሪ ዝውንና በኒንን ቶጎን ዝፍጸሙ ዘለዉ መጥቃዕቲታት፡ እቲ ሽበራዊ ተርእዮ እንተላይ ናብኣተን'ውን ከምዝስፋሕፍሐ ዘርኢ ምዃኑ ሓቢሩ።

## ኒጀር - ኣብ ልዕሊ ፕረዚደንት ዕልዋ ተፈጺሙ

ኣብ ልዕሊ ፕረዚደንት ኒጀር መሓመድ ባዙም ወተሃደራዊ ዕልዋ መንግስቲ ከምእተኻየደ፡ ኑቲ ፕረዚደንት ኣብ ቤት-መንግስቲ ዝኣሰርዎ ሓለውቲ ወተሃደራት ብወግዒ ኣፍሊጦም።

እቶም ወተሃደራት ነዚ ዝገለጹ፡ ኣመራጻ እቲ ፕረዚደንት ብቐልጡፍ ንኽፍታሕ ኣብ እትጽውዓሉ ዘላ እዋን እዩ።

ፕረዚደንት መሓመድ ባዙም፡ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣጋ ምሸት ብወተሃደራት ሓለዋ ቤት-መንግስቲ ከምእተታሕዘ እዩ ተቓሊሑ ነይሩ።

ኣብቲ ዕልዋ ካብ ዝተሳተፉ ሓደ ዝኾነ ኣፈኛ ሚኒስትሪ ምክልኻል እታ ሃገር ኣማዱ ኣብድራማን ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ንርእሱ 'ሃገራዊ ቤት-ምኽሪ ምክልኻል ሃገር' ኢሉ ዝጸውዕ ዘሎ - ኑቲ ዕልዋ ዝፈጸመ ጉጅለ፡ ዝኾነ ናይ ወጻኢ ሃገራት ምትእትታው ከይግበር ኣጠንቂቑ ከምዘሎ ሓቢሩ።

ንሱ ወሲኹ፡ ዶባት ኒጀር ከምእተዓጽወን ኣብ መላእ ሃገር ሰዓታት እቶ እቶ ተኣዊጁ ከምዘሎን ገሊጹ።

ፕረዚደንት መሓመድ ባዙም፡ ኣብቲ ኣብ ምዕራብ ኣፍሪቃ ኣንጻር ሽበራውያን ዕጡቃት ዝግበር ዘሎ ቃልሲ፡ ቀንዲ መሻርኽቲ ምዕራባውያን ሃገራት ኩይኑ ከምዝጸንሐ እዩ ዝግለጽ።

በዚ ድማ፡ እቲ ኣብ ኒጀር ዝረአ ዘሎ ፖለቲካዊ ምዕባለታት፡ ንኣመራጻን መሻርኽታን ዒቢ ሻቕሎት ፈጢሩለን ከምዘሎ፡ ተንተንቲ ፖለቲካ የመልክቱ።



## ብዝሒ ህዝቢ ጃፓን ኣንቈልቊሉ



ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ብዝሒ ህዝቢ ጃፓን ብልዕሊ 800 ሽሕ ከምዝነከየ ተገሊጹ።

እቲ ኣብ ካልኦት ሃገራት ምብራቕ ኤስያ እውን ኣጋጢሙ ከምዘሎ ዝገለጽ ተመሳሳሊ ተርእዮ፡ ኣብታ ሃገር ቀልጢፉ ፈጢሩ ምህላዉ እዩ ዝሕበር።

ሚኒስትሪ ወሽጣዊ ጉዳያት ጃፓን ዝሓለፈ ረቡዕ ዘውጽኦ ሓበሬታ ከምዘመልክቶ፡ ኣብታ ሃገር ቁጽሪ ወጻእተኛታት ነበርቲ ምስቲ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ክነጻጸር እንከሎ ብኣስታት 289,500 ወሰኽ እኳ እንተኣርኣየ፡ ቁጽሪ ጃፓናውያን ነበርቲ ግን ብ800,523 ነኪዩ ኣሎ።

እዚ ምንቍልቋል'ዚ፡ ብዝሒ ህዝቢ ጃፓን ኣብ 2009 ጥርዚ ድሕሪ ምብጻሑ ንመበል 14 ተኸታታሊ ዓመት ደርኡ ምህላዉ ዝሓለፈ ኣፈኛ እቲ ሚኒስትሪ ኣብ መላእ'ታ ሃገር ኣብ ዝርከብ ከሎን ኣውራጃታት'ውን ቁጽሪ ዜጋታት ጃፓን ንፈለማ ግዜ ከምዝነከየ ኣመልኪቱ።

ይኹን'ምበር፡ ብሰንኪ ምውሳኽ ቁጽሪ ወጻእተኛታት ነበርቲ፡ ኣብ ከተማ ቶክዮ ሓፈሻዊ መጠን ብዝሒ ህዝቢ ከምዝዓበየ ተገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት 1.56 ሚልዮን መጠን ሞት ከምእተመዝገበ፡ ቁጽሪ ሓደስቲ ዝተወልዱ ዕሸላት ድማ 771,801 ጥራይ ምንባሩ፡ ጸብጻብ እቲ ሚኒስትሪ የረድኦ።

ጃፓን፡ ሓንቲ ካብ'ተን ዝለዓለ ማእከላይ ገምጋም ዕምሪ ሰብ ዘለወን ሃገራት ዓለምና ምዃና ይፍለጥ።

ቻይና፡ ደቡብ ኮርያ፡ ሲንጋፖርን ታይዋንን እውን ተመሳሳሊ ቅልውላው ኣጋጢምወን ካብ ዘለዋ ሃገራት ምዃነን ይሕበር።

## ኣውስትራልያ፡ ኣብ ልዕሊ ኩባንያ 'ሜታ' ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ወሲና

ኣውስትራልያ፡ ኣብ ልዕሊ ኩባንያ ማሕበራዊ መራኸቢ 'ሜታ' ገንዘባዊ መቕጻዕቲ ከምዝወሰነት ተገሊጹ።

ኣውስትራልያ ኑቲ ስጉምቲ ዝወሰደት፡ እቲ ኩባንያ ኣብ ልዕሊ ተጠቀምቲ እቲ ማሕበራዊ መራኸቢ 'ኦናቮ' ዝተባህለ መተግበሪ ተጠቒሙ ብዘይኣፍልጦኦም ብሕታዊ ሓበሬታኦም ድሕሪ ምውሳዱ እዩ።

በዚ ድማ፡ ፌደራላዊ ቤት-ፍርዲ እታ ሃገር፡ ንናይ ሜታ ትካላት ፈይስቡክን ኦናቮን ናይ ፍሲ-ወከፈን 7 ሚልዮን ዶላር ክኸፍላ ኣዚዙ ኣሎ።

ፈይስቡክ፡ ንኦናቮ ብሕታዊ ሓበሬታ ውሑስ ዝገብር መተግበሪ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ኣብ 2016 ናብ ዕዳጋ ከምዘቕረቦ ይዝከር።

ይኹን'ምበር፡ ፈይስቡክ ኑቲ መተግበሪ ቦታ ተጠቀምቲ፡ ግዜኦምን ኣጠቓቕማኦምን ኣብ ካልኦት መተግበሪታት፡ ከምኡ'ውን ኣየናት መርበብ ሓበሬታ ከምዝጥቀሙ ንምምዝጋብ ይጥቀመሉ ከምዝነበረ እዩ ዝገለጸ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኩባንያ 'ሜታ' ንጋዜጣ ኣውስትራልያ (ኤቢሲ) ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ማሰል ብሕታውነት ተጠቀምቲ ከምዘይጠሓሰ ገሊጹ።




ተረኛ ፋርማሲ: ቤት መሸጣ መድሃኒት ብርሃን
ዕለት: 28/07/2023
ጎደና: ጎደና ሓርነት ቁ.121፡ ከባቢ ሲነማ ኣምፔሮ
ቁ.ስልኪ: 120253
ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ      ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services